# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.275 | ቀዳም 18 ሓምለ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
መሃዝትን ስነ -ፍልጠተኛታትን





ገጽ 4
ኣብነታዊ ኣርባሒ ናይ ጸባ ከብቲ





ገጽ 5
ስነ-ስርዓት መመረቕታ ተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ





ገጽ 10





ገዝሚ

ገጽ 11
ሄኖክ፡ ቀጠልያ ማልያ መንጢሉዋ





## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ተቐቢሎም ኣዘራሪቦም

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 17 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ-ቐትሪ ንሓጺር ናይ ስራሕ ምብጻሕ ኣስመራ ንዘእተወ ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን ተቐቢሎም ኣዘራሪቦም።

እቲ ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ዝተገብረ ርክብ፡ ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናታት፡ ምዕባሌታት ኩናት ኣብ ልዕሊ ሱዳን፡ ከምኡ'ውን ንክልቲኤን ሃገራት ኣብ ዘበድስ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያት ዘተኰረ ነይሩ።

ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃን፡ ዑደቱ ዛዚሙ ሰዓት 3:00 ድሕረ-ቐትሪ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ።



ስእሊ ኣብርሃም በየነ

## ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ ዞባታት ኣካዪዱ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026፡ ኣብ ዞባታት ናይ ዘሰላሰሎ መደባት ስራሕ ከምኡ'ውን መንፈቓዊ ገስጋስ ንኡሰን ርቡዕን ቃጻየ ሕርሻ፡ ብ16 ሓምለ ገምጊሙ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምህናጽ ከዘናቲ ማይ፡ መኣለዪ ውሓይዝ፡ ኩነታት ኣዝመራን ክራማትን፡ ምብዛሕ ምኑጽ ዘርኢ፡ ምፍራይ ባህርያዊ ድኹዒ፡ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ጥዕና ብቕልን እንስሳን፡ ዕብየት ናብራ መፍረ ንህቢ፡ ምዝርጋሕ ጨቓዊትን ቀረብ እንቋቑሖን፡ ከምኡ'ውን ገስጋስ ትግባረ ንኡሰን ርቡሕን ቃጻየ ሕርሻን ምስኡ ዝዛመዱ ጉዳያትን ጸብጻባት ቀሪቡ።

ክሳብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ተኻዪዱ ብዘሎ ዳህሳስ፡ ካብ'ተን 2003 ዝጠበሓን መደብ ንኡስ ርቡሕ ቃጻየ ሕርሻ ክትግበረለን ዝኽእል ዓድታት፡ እተን 1672 ኣፍሲ-ወከፈን ብውሑዱ ሓንቲ ስድራቤት፣ ብዙሓት ካኣ ልዕሊኡ ኑቲ መደብ ብምልኣት ከምዘተግበራ፡ ካብ'ቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ንምርዳእ ተኻኢሉ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ድሕሪ ምዝታይ፡ ኣብ ዝርጋሐን ኣብርክቶን ምኑጽ ዘርኢ፣ ኩነታትን ጽልዋን ዘዘርግሓ ጨቓዊት፣ ከምኡ'ውን ዝርጋሐን ግብራዊ ኣጠቓቕማን ባህርያዊ ጸረ-ባልዕ ጥቡቕ ክትትል ክግበር ዝብልን ካልእን ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኑቲ "ውሑስን መኣዘውን መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ" ዝብል መርሓ ጉደናኡ ኣብ እዋኑ ንምትግባር፡ ትግባረ ንኡሰን ርቡሕን ቃጻየ ሕርሻ ብምልኣት፡ ከም መሪሕ ስትራተጂኡ ይሰርሓሉ ምህላዉ ብምሕባር፡ ዛጊት ተመዝጊቡ ዘሎ ገስጋስ ኣተባቢዒኻ እንተኾኑ፡ ኩሎም ክኢላታት ሕርሻ፡ ኑተን ደሮ ተግቢረን ዘለዋ ስድራቤታት ከም ቤት-ትምህርቲ ሓረስቶት ተጠቒሞም፡ ብልዑል ተወፋይነት ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ።

ሚኒስተር ኣረፋይነ ወሲኹ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን መሰረት ኩሉ ዓይነት ሕርሻዊ ልምዓት ስለዝኾነ፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ ወርጹጽ መደብ ምውጻእን ጥቡቕ ክትትል ምግባርን ከምዝድሊ ኣገንዚቡ።

## ሓጋዝ - ዝርግሐን ብቕዓትን ትካላት ጥዕና ንምርግጋጽ ክሰራሕ ጻውዒት ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ጥዕና ህዝቢ ንምውሓስ - ኣብ ምርግጋጽ ዝርግሐን ብቕዓትን ትካላት ጥዕና ክሰራሕ፡ ብ14 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋማዊ ዘተ ጻውዒት ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዞባን ንኡስ ዞባን፡ ከምኡ'ውን ኣመሓደርቲ ከባቢን መራሕቲ ሃይማኖትን ዝተሳተፍዎ ዘተ፡ ኣብ 2026 ዝተዋህበ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብመንጽር ዝበኩ ብልጫታትን ብደሆታትን ብሰፊሑ ተዘቲዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኀናዊ ሳዕቤናት መድሃኒት፣ ኪኖም ዝርኣዩ ሕማማት - ጠንቅታቶምን ሳዕቤናቶምን፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝርኣዩ ጸገማትን ክግበር ዘለዎ ፍታሕን፣ ከምኡ'ውን በብእዋኑ ዝዋደድ መኣርሒታትን ኣብ ኣሳልጦ ስራሕ ዝፈጥሮ ዘሎ ስሉጥነትን ጽፈትን ዝምልከት መብርሂ ተዋሂቡ።



ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና - ኣርሰ ጉብረማስቀል ጉብረሂወት፡ ሳላ ዝተኻየደ ጽዑቕ ኀስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ተርእዮ ሕማማት ከምዝጐደለ ብምሕባር፡ መጠን መልከፍቲ ሕማም ዓሶ ትሕቲ ሓደ ሚእታዊት፣ ሽፋን ክታበት 100 ሚእታዊት፣ ተጠቃምነት ኮም ዝመርሖ ከባቢያዊ ጽሬት ድማ 89 ሚእታዊት በጺሑ ምህላዉ ኣረዲኡ።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ዘካርያስ ዑቕባስላሴ ብወገኑ፡ ኮማዊ ተበግሶ ንመደባት ጥዕና ድርኺት ይፈጥረሉ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ኣብ ምምዕባል ትካላት ጥዕና ንዘበርክቶ ዘሎ ኣበርክቶ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝርኤ ሽግር ጸኒዑ ዘሎ ማይ ፍታሕ ክናደየሉ፣ ቀጻሪ ዘይብለን ትካላት ጥዕና ክስራሓለን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ሓጋዝ ዝዋደድ ዘሎ መጻብቑ ኣፍሰጸራትን ሓራሳትን ክቀላጠፍ ዝብል ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ እድሪስ መሓመድ-ሓምድ ኣብ ዘስመዖ መዛዘሚ ቃል፡ ትካላት ጥዕና ንምስፋሕ ዝወሰድ ተበግሶ ቀጻልነቱ ክውሓስ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ሓንቲ ኮማዊ ሆስፒታል፡ 6 መደበራት ጥዕናን 2 ኣቕጣታት ጥዕናን ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት ይርከባ።

ዜና

# ማእከል- ንወፋሮ ክረምታዊ ልምዓት ስልጠና ድሕነት ትራፊክ ተዋሂቡ



ስእሊ. ዮናታን የዕብዮ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ንዝተመደቡ 200 ወፋሮ ክረምታዊ ልምዓት፡ ብምውህሃድ ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኤርትራን ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከልን ናይ ሓደ ሰሙን ስልጠና ተዋሂቡ።

ብ15 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነስርዓት፡ ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ሜጀር ሃብተ ጉብሩ፡ እቲ ስልጠና - ኣብ ስራሕ ምስ ተዋፈሩ ኣብ ምምእዛን ኣጋር፡ ምኽባር መሰረታዊ ሕግታት ትራፊክ፡ ከምኡ'ውን ምክትታል ግቡእ ኣጠቓቕማ መቐነት ከም ዝሕግዞም ገሊጹ።

ስልጠንቲ ንሓደ ወርሒ ኣብ ቀንዲ ጉደናታት ተመዲቦም ዘሰላስልዎ ንጥፈታት፡ ብዞባ ደረጃ እናወሰኸ ዝመጽእ ዘሎ ጥሕሰት ሕግታትን ሓደጋታትን ትራፊክ ኣብ ምንካይ እጃም ክጻወቱ ትጽቢት ኣሎ።

ኣቦመንበር ማሕበር ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ኤርትራ ኣቶ እስጢፋኖስ ሃብተማርያም ብወገኑ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና - ሓደጋታት ትራፊክ ብምንካይ ሂወት ሰብ ንምድሓን ከም ዝኾነ ብምብራህ፡ ተጠቀምቲ ጽርግያ ክተሓባበርዎም ተላቢዩ።

ርእሰ-መምህራን ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ባርካን ቀይሕ-ባሕርን ብወገኖም፡ ተመሃሮ ኣብ ስራሖም እሙናትን ትጉሃትን ክኾኑ ኣዘኻኺሮም።

ሎሚ ዓመት፡ ብደረጃ ሃገር ንመበል 28 ግዜኡ ካብ 6 ሓምለ ክሳብ 15 ነሓሰ ኣብ ዝቕጽል ዘሎ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ 37 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ልዕሊ 30 ሽሕ ተመሃሮ፡ ምስ ኣስታት ሓደ ሽሕ መምህራኖም ክኢላታት ሕርሻ፡ ኣወሃሃድትን ኣጋር ሓለፍትን ኣብ 160 ነቝጣታት ተዋፊሮም ኣለው።

# ኣስመራ - ብስነ-ጽሑፍ ዝሰልጠኑ ተመሃሮ ተመሪቖም

ኣብ ኣስመራ፡ ብሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ኣብ ዝተወደበ ህዮሳዊ ኣናብጦን ዓይነታት ስነ-ጽሑፍን ዘተኮረ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ስልጠና ዝተሳተፉ ተመሃሮ ተመሪቖም።

እቲ ትምህርቲ፡ ኣብ ስነ-ጽሑፍ ኤርትራ ተገዳስነት ብዘለዎ ህንዳዊ ምሁር ናይ'ቲ ዓውዲ ፕሮፈሰር ቴጅ ድሃር'ዩ ተዋሂቡ።

ብ14 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደ ናይ መመረቕታ ስነስርዓት ብስም ተመሃሮ ቃል ዘስመዐት ዶ/ር ሰላም ኪዳኔ፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብንጉብ ከም ዝምግዕብልዎ ገሊጻ።

ዝተመሃርኽዮ ትርጉም ዝህልዎ፡ ናብ መዛኑኻን ሕብረተሰብካን ምስ እተመሓላልፎ ከም ዝኾነ ዝጠቐሰ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ተመረቕቲ ፍልጡቶም ብምዕማቕ ንከባቢኦም ብእወታ ክጸልዉ ተላብዩ።

ደራስን ተመራማሪ ታሪኽን ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ ብወገኑ፡ ንፋዕ ጸሓፋይ ንምዃን ልዑል ናይ ምንባብ ሸውሃት ክህልወካ ከም ዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ፕሮፈሰር ቴጅ ድማ፡ ምስ ኤርትራ ዝለዎ ልዑል ስምዒታዊ ምትእስሳር ብምጥቃስ፡ ፍልጠቱ ንኤርትራውያን መንእሰያት ንምክፋል ንዝተራሕወሉ ዕድል ኣመስጊኑ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰለሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጩራ ጥዕና |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | መመረቕታ ኮሌጅ ስነ - ፍልጠት ማይ ነፍሒ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መሬትን ኣከባብን |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ዘመተ ባሕሪ - ናብ ቅሉዕ ጸርፊ

ጉጅለ ብልጽግና፣ ከም መቐጸልታ ናይ ምድንጋር ድራማታቱ፡ "መድሕን ውድቀት እንተኾነ" ብዝብል ዘይከዉንነታዊ ተስፋ፡ 'ጉባኤ ምምኽኻር' ኢሉ ኣብ ዝወደቦ ናይዚ ቅንያት'ዚ ድራማ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ "ብስንፍናኻ ኢኻ ባሕሪ ስኢንካ" ዝዓይነቱ ጸርፊ ኣዝኒቡሉ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናይቲ ጉጅለ፡ ብሕርቃን ገጹ ተደዊኑ፡ ሰራውሩ እናተገታተረ ዘስመዖ ግዓር፣ ቅብጸተ-ተስፋኡን ዕርበተ ሕልናን ናይቲ ጉጅለ ኣበየናይ ደረጃ ከምዝበጽሐ ዘግሃደ እዩ ነይሩ።

"ኢትዮጵያ ናይ ጂኦግራፍ እስርቲ ክትከውን ዝገበረ ቀንዲ ምኽንያት፡ ናይ ውሽጢ ስንፍናናን ድኻምናን እምበር፡ ኢትዮጵያ ጥቕማ ኣብ ምኽባር ዝዓግት ሓይሊ ስለዝነበረ፡ ስለዘሎ ወይ ስለ ዝህሉ ኣይኮነን።" ክብል እዩ ቀዳማይ ሚኒስተር ብስጭቱ ደርጒሑ።

ንዘመተ ባሕሪ ናብ ከምዚ ዝዓይነቱ ቅሉዕ ጸርፊ ዘዕረገ ኩነት ርዱእ'ዩ። ብልጽግና፡ ከም ዝኸሰረ ነጋዳይ፡ ቀደም ዝተዓጽወ ፋይል ብምግንጻል፡ "ባሕሪ!" ዝብል መልቀስ ካብ ዘቃልሐ ሰለስተ ዓመቱ ሓሊፉ፡ ዛጊት ዘላቕሶ ኣይረኸበን።

ብዓል ነዊሕ ተመኩሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ከምቲ ብልጽግና ዝግምቶ ናይ ታሪኽ ደንቆሮ ኣይኮነን። ፖለቲካን ዓለማዊ ሕግን ዘይፈልጥ በሃም እውን ኣይኮነን። ዝያዳ ኩሉ ድማ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ጉጅለ ብልጽግና፡ ጉዳይ ባሕሪ ዘልዓለሉ ምኽንያት፡ ዛዕባ ካብ ውሽጢ ናብ ግዳም ብምቕናዕ፡ ዕምሪ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ጸቢብ ዕላማታቱ ሽፋፊኑ፡ ሃገራዊ ራእይን ኣተሓሳስባን ዘለዎ መሲሉ ንምርኣይ ምዃኑ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፡ ንዕሽላዊ ዘመተ "ባሕሪ" እዝኒ ዘይሃቦ።

እዚ፡ ኣቦ ሓሶትን ምድንጋርን ዝኾነ ጸቢብ ዓሌታዊ ጉጅለ'ዚ፡ ዘመተ ባሕሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኩሉ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምምሳጥን ንምትላልን ዝተዋስኦ ድራማታትን ፕሮፖጋንዳን እውን ኣይሰርሐን።

-ጻድቕ፣ ልኡኽ ሰላምን ፍቕርን፣ መሲሉ ዝዋውዕ ክኣስር ሃቂኑ፣ እንተኾነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንሓጺር ግዜ እምበር ነዊሕ ኣይተደናገረን። ግብራዊ ስርሑ ብምዕዛብ ሓቀኛ መንነቱ ከለልዮ ኣይኣገሞን።

-'ምድማር' ዝብል ዕሽላዊ ፋንታዝያ፡ ከም መርሓ ሓሳብ ኣልዒሉ፡ ሃገራዊ ዕላማታት ዘለዎ ንምምሳል ዘቕረቦ ድርሰት፡ ምስ ግብራዊ ስርሑ ስኒት ስኢኑ፣ ጸቢብነቱ ክቃላዕ ግዜ ኣይወሰደን።

-ሃዋርያ ልምዓት መሲሉ ዘካየዶ ጽዑቕ ናይ ጃህራን ኑበስ ናእዳን ፕሮፖጋንዳ፡ ኣብ ባይታ ምስ ዘሎ ቁጠባውን ማሕበራውን ክዉንነት እናተራጸመ፡ ኣቓልቦ ክስሕብ ኣይከኣለን።

-ወናኒ ሓያል ሰራዊትን ዝተራቐቐ ኣጽዋርን መሲሉ፡ ክህድድን ንህዝቢ ብድሮናት እናጨፍጨፈ ከርዕድን ፈቲኑ፡ መመሊሱ ዝሕርን ህዝቢ እምበር፡ ዝርዕድ ኣይረኸበን። ተቓውሞ ህዝብታት ኢትዮጵያ ቡቦኸባቢኡ ዝያዳ እናተባራትዐ ይልብልቦ እዩ ዘሎ።

-ዓቕሚ ከምዘለዎ፡ በዚን በትን ዘይተኣደነ ወተሃደራዊ ወፍርታት እውን ክፈታትን ጸኒሑ። እንተኾነ፡ ቡቲ ዕጥቁ እናረከበ ብዕሰለ ዝማረኽ ሰራዊቱ፡ ዲና ሕፍረት ተኸዲኑ እምበር፡ ሓንቲ ፍረ ኣየጽዓየን።

-ብትእዛዝ ናይ ግዳም ሓይልታት፡ ኣብ ጉዳይ ጎረባብቲ ሃገራት ጦብሎቕሎቕ ኣብዚሑ፡ ዓሰቢ ክሕደቱን ክድምናኡን ኣብ ከቢድ ወጥሪ ኣትዩ ይርከብ።

-ኣብ መወዳእታ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ፡ "ሃገር ክትብታተን'ያ! ርድኡና!" ብዝብል ኣውያት ንማሕበረሰብ ዓለምን ዲፕሎማስኛታትን ኣብ ምሽጋር ይርከብ።

ደጊም፡ ናብ ዘይምለሰሉ ቁልቁለት ኣቐኒዑ ዘሎ፡ ጉጅለ ብልጽግና፡ ውድቀቱ እናቐልጠፈ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ከም ዝቈሰለ ኣራዊት፡ ነውጹ፡ ግዓሩን ብኺያቱን፡ መመሊሱ እንተገረረ እምበኣር፡ ዘገርም ኣይኮነን።

# ባጽዕ - ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዕዉት ስራሕ ተሰላሲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዕ፡ ካብ 8 ስካ ክሳብ 15 ሓምለ ኣብ ሰለስተ ነቑጣታት ብዝተኻየደ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዕዉት ስራሕ ከምእተሰላሰለ፡ ሓላፊ ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር እስማዒል ሳልሕ ገሊጹ።

እቶም 250 ዝኾኑ ወፋሮ፡ ምኽንካስ ኣግራብ፡ ምትካል ኣግራብ ሾራ ኣብ ገማግም ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ምቑራጽ ገረብ ተምሪ ሙሳን ወፈራ ጽሬትን ዘጠቓልል ንጥፈታት'ዮም ዓሚሞም።

ምስ ወፋሮ ኣብ ዝዘበሮ ርክቡ፡ መምህር እስማዒል፡ እቲ ወፍሪ - ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ልምዲ ስራሕ ክጠርዩን ባህሊ ዓያይነት ክሰርጾምን ሓጋዚ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ኣብ እዋን ስራሕ ዝርኣይዎ ንጡፍ ተሳትፎ መጒሱ።

ካብ ኣሊይቲ መምህር ኣስመሮም ጉዛኢ ብወገኑ፡ እቲ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝቕጽል ወፍሪ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ካልእ ብልጫታቱ፡ ኣብ ምኽንካስ ባህሊ ማሕበራዊ ናብራ ዘለዎ ኣገዳስነት ብቐሊል ከምዘይጥመት ኣዘኻኺሩ።


# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## መሃዝትን ስነ ፍልጠተኛታትን

## ማርያ ስክቶዶውስካ - ማርያ ኲሪ

(1867-1934)



ማርያ ስክቶዶውስካ ኣብ ፖላድ ተወልደት። ማርያ ካብቶም ሓሙሽተ ውሉድ ዝነበሩዋ ስድራ ሓምሻይ መትሎ ነበረት። ሕሳስልደት ድማ'ያ። ኣቦኣ ስነ ቍጽርን ፊዚክስን እናመሃረ እንከሎ፡ ምስኡ ከኣ ዳይረክተር ነበረ። ንቤት ምርምራት ናይ ፖላዳውያን ቤት ትምህርትታት፡ ሩስያውያን ክዓጽዉዎ ስለ ዝደለዩ፡ ንዝበዝሐ መሳርሒታት ናብ ገዛኡ ኣግዓዞ። ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ከኣ ንደቁ ይምህሮም ነበረ። ኣብ ትሕቲ ሩስያ ዝነበረት ፖላንድ ነጻነታ ንምምጻእ ኣብ ዝነበረ ምልዕዓላት ነቲ ብስድራቤታ ክትረኽቦ ዝነበራ ብልጫን ዕድላትን ክትከስሮ ተገዲዳ። ኣቦኣ በቲ ምልዕዓላት ብሩስያውያን ካብ ስራሕ ተባረሩ። ኣደኣ ኸኣ ብሕማም፡ ማርያ ጓል 11 ዓመት እንከላ ዓረፈት። ሓብታ'ውን ደድሕሪ ኣደኣ ብምስዓባ፡ ኣብቲ ገዛ ኣንጸላልዩ ዝነበረ ደበና ሓዘን መሊሱ ከም ዝጽልምታ ገበረ። ኣብዚ ዕድመኣ ኣብ ሓደ ናይ ቦርዲን ቤት ትምህርቲ ክትምሃር ጀመረት። ጸኒሓ ናብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጂምናዝዩም ተጸምብራ ብናይ ወርቂ መዳልያ ሸልማት ተዓወተትሉ።

ማርያ ብዝነበራ ጸቕጢ ኣብ ገጠራት ናብ ዝርከቡ ቤተ ሰባ ብምኻድ ክትቅመጥ ጀሚራ። ኣብኡ እናመሃረት ናብ ናይ ትምህርቲ ሸውሃታ ተመልሰት። ኣብ ሓደ ዓመት ማርያን ብሮኒስላዋ ሓብታን ሓደ ስምምዕ ገበራ። ንኽልተ ዓመት ሓደኣን ክምሃራ፡ ሓደኣን ከኣ እናሰርሐት ክትናቢ፣ ኣብታ ካልኣይቲ ክልተ ዓመት ከኣ እታ ኣብ ስራሕ ዝነበረት ክትምሃር፡ እታ ኣብ ትምህርቲ ዝጸንሐት ከኣ ክትሰርሕ ተሰማምዓ። ማራያ በዚ ምስ ሓብታ ዝመሃዝኦ ጥበብ እናሰርሓ እናተማህራ እናቐጸላ፡ ሓብታ ተመርዓወት'ሞ ምስኣ ናብ ፓሪስ ወሰደታ። ማርያ እናመሃረት፡ ንባዕላ እናተማህረት፡ ንቑጽሪ፡ ፊዚክስ፡ ሕክምናን ካልእ በብእዋኑ ዘጽናዓቶ እተፈላለየ ዓውድታት ኣጽንዐት። መወዳእታኡ ናብ ዋርሳው ብምምላስ ምስ ኣቦኣ ክትቅመጥ ጀመረት። ናብ ፓሪስ ተመሊሳ'ውን እንደገና ስነ ፍልጠታዊ ምርምራ ጀመረት። ንማግኔታዊ ባህሪ ብረታውያን ናይ መጀመርታ ምርምራ ነበረ። ኣብዚ እዋን እዚኣ ከኣ ምስ ብዓልቤታ ፒረ ኲሪ ተላለየት። ክልተኦም ኣብ ተፈጥሮኣዊ ስነ ፍልጠት ናይ ሓባር ተገዳስነት ስለ ዝነበሮም፡ ብሓንሳብ ክቕጽሉ ሓገዞም።

ኣብ እዋን ቀዳማይ ኲናት ዓለም፡ ማርያ፡ ኣብ ኲናት ዝቖሰሉ ወተሃደራት ኣብ ቀረባኦም ብዝቐልጠፈ ክሕከሙ ዝበለጸ ምኽኑ ተገንዘበት። 'ንሕክምና ራድዮሎጂ ዝኸውን ናይ ቀረባ ማእከላት ክህሉ ኣሎዎ፡' ኢላ ሓሰበት። ብቕልጡፍ ንራድዮሎጂ፡ ኣናቶሚን ኣውቶሞቲቭ መካኒክስን ድሕሪ ምጽናዕ፡ ኣብ መኪና ዝጸዓን መሳርሒታት ኤክስረይን መካይንን ተንቀሳቓሲት ጀነሬተርን ኣማዕበለት። በዚ ከኣ ናብ ድፋዓት ብቐሊሉ ክቐርባ ዝኽእላ ተንቀሳቓሲት ናይ መብጣሕትን ጨረርታን ኣሃዱታት ሕክምና ከም ዝህሉ ገበረት። ብ1915 ሓደ ሕብሪ ዘይብሉ ናይ ራድየም ድቃል ዝመልስ ጋዝ፡ ጸኒሑ ራዶን ምኽኑ ዝተፈልጠ ባእታ፡ ብምጥቃም እተዳለወ ስሪንጋ ንዝተለኽፈ ክፋል ኣካሊት (ቲሹ) ከም ዝሕክም ገይራ ኣማዕበለትን ኣፍረየትን። እዚ ኣብ ፈረንሳ ናይ ፈለማ ናይ ራድዮሎጂ ሕክምና ነበረ።

ማርያ ኲሪ እታ ቀዳመይቲ ሽልማት ኖበል እተሸለመት ጓል ኣንስተይቲ፣ እታ ቀዳመይቲ ክልተ ግዜ - ብኽልተኡ ጾታ - ንሽልማት ኖበል እተዓወተትሉ፣ እታ እንኮ ብኽልተ ዓውድታት ነዚ ሽልማት ዝበቕዐት ሰብ፡ ተባሂላ ክሳዕ ሎሚ ብኽብሪ እትጽዋዕ ስነ ፍጠተኛ እያ። ብ1903 ንሳ ምስ ብዓልቤታን ሄንሪ ባኩረልን ብምኽኣን ኣብ ሬድዮኣክቲቪቲ ብዝዓየዩዎ ስራሕ ብፊዚክስ ክትሸለም እንከላ፡ ብ1911 ከኣ ኣብ ራድየምን ፖሎኒየምን ብዝገበረቶ ኣበርክቶ ብስነ ቀመም ተሰሊማ።

## ፒረ ኲሪ፡ ፈላጥ ፊዚክስ፡



ስራሕ፥ ክኢላ ቅመማ፡ ስነ ፍልጠተኛን መምህርን

ዕ/ልደት፥ 15 ግንቦት 1859

ንፒረ ኲሪ ክልተ ዝበለጹ መሳርሕቱ፡ መመራምርቱ ሰበይቱ ማራያ ኲሪን ሓው ጃኲይስን እዮም። ፒረ ንክሪስታሎግራፊን ፒዞኤለክትሪክ ኢፈክትን ረኸበ። ብተወሳኺ ማግኔታዊ ጠባይ ናይ ሓደ ሳብስታንስ ምስ ምልውዋጥ መጠን ረስኒ ከም ዝቀያየር ድማ ፈለጠ። እዚ ደረጃ፡ 'ናይ ኲሪ ነጥቢ' ተባሂሉ ይፍለጥ። ብዘይካኡ'ውን ምስ ብዓልቲቤቱ ብምኻን ንሬድኣክቲቪቲ ዝተፈላለየ ኣገደስቲ ምርምራት ኣካይዱ'ዩ።

## እቲ ሓደገኛ ጨረርታ

ሬድዮኣክቲቪቲ ብ1895 ብፈረንሳዊ ስነ ፍልጠተኛ ሄንሪ ባክኲረል እዩ ዝተረኽበ። ሬድዮኣኪቲቭ ዝብሃል ባእታታት ሓያል ጨረርታ ዝጸርግ እዩ። ንህይወታውያን ክቐትል ይኽእል፣ ግን ከኣ ዓቢ ጥቕሚ ኣሎዎ። ኣልፋ፡ ቤታን ጋማን ተባሂሉ ድማ ኣብ ሰለስተ ይኽፈል። መጀመርታ ምስ ተረኽበ፡ እንታይ ምኻኑ ዝፈልጥ ኣይነበረን። ኣብኡ እንከለዉ ኣልፋ፡ ቤታ፡ ጋማ ኢሎም ሰምየሞ። እዚ ጨረርታ፡ ካብ ሬድዮኣክቲቭ ነገር ጸሪጉ፡ ብሓያል ፍጥነት ይጓዓዝ። ኣልፋን ቤታን ኤለክትሪክያዊ ቻርጅ ኣሎዎ። ኣብ ወሃዮ ዝኾነ ህይወታዊ እንተ በጺሑ፡ ክቐትሎም ወይ ከዕንዎም ይኽእል። ልዑል ዓቐን ናይዚ ጨረርታ'ዚ ልክዕ ከም ጓህሪ ኰይኑ ብዙሓት ወሃዮታት ክቐትል ይኽእል።

ጸርጊ ኣልፋ ብቐሊሉ ክንከላኸሎ ይከኣል እዩ። ከም ሓንቲ ፊልዮ ወረቐት ዝምርቃቑ መከላኸሊ እዩ ዝኣኽሎ። ቤታን ጋማን ግን ብዘይ ጸገም ሰንጢቖም ኣካልና ክኣትዉ ይኽእሉ። ኣብ ህዋሳትና ዝርከቡ ወሃዮታት ድማ የዕንዉ። ውሑድ ዓቐን ጨረርታ ሽሕ'ኳ ውሑዳት ወሃዮታት ይቐትል እንተ ኾነ ጉዳኢ ኣይኮነን። ሓደገኛነቱ ኣብ ከሚካላዊ ትሕዝቶ ወሃዮታት ለውጢ ክገብር ዝኽእል ብርተዐ እንተ ሃልዩዎ እዩ። እዚ ከሚካላት ንሓደ ወሃዮ ከመይ ይሰርሕ ዝቈጻጸር ኮምፕለክስ መለኩላት DNAን RNAን እዩ። ከም ውጽኢቱ እቶም ወሃዮታት ካብ ቍጽጽር ወጻኢ ይኾኑ። ርእሶም ዝኸኣሉ ካልኦት ወሃዮታት ኰይኖም ይዓብዩን ይምቀሉን። እኩብ ናይ መንሸሮ ወሃዮታት ይፈጥሩ። ኣብ ወሃዮታት ዘርኢ ስርዓተ መፍረ እንተ በጺሑም ሕማቕ ኣቃውማ ዘሎዎም፡ መሓውር ዘይብሎም፡ ወይ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘሎዎም ዕሸላት ክውለዱ ይኽእሉ።

ብዘይካ ኣብ ልዕሊ መሬት ኣብ ብዙሕ ኣኻውሕ ዘለዎ ቦታ'ውን ይርከብ እዩ። ራዶን ዝብሃል ሬድዮኣክቲቭ ጋዝ ከም ውጽኢት ከሚካላዊ ውህደቶም የመንጭዉ። እዚ ጋዝ ናብ ህንጻታት ሰሊኹ ሰባት ከስተንፍሱ ከለዉ ክስሕብዎ ይኽእሉ። እዚ ጽልዋ ትሕተ-ባይታ ጨረርታ ይብሃል። ካብ ማእከላይ ገምጋም ንላዕሊ እዞም ሪድዮኣክቲቭ ጥረ-ነገራት ኣብ 'ግራናይት' ኣኻውሕ ይርከቡ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣኻውሕ ዘለዎ ቦታ ዝነብሩ ንገዛውቶም ራዶን ከይህሉዎ ቀጻሊ መርመራ ከካይድሉ ኣሎዎም። ተመራመርቲ ስነ ህይወት ትሕተ ባይታዊ ጨረርታት ንጅን ወሃዮታት ስርዓተ መፍረ ለውጢ ወይ ምቅይያራት ከም ዝገብረሉ ይኣምኑ። እዚ ለውጢ'ዚ ጠንቂ ምፍልላይ ህይወታውያንን ንኻልእ ፍልቀት ባይታ ዝኸፍትን ምኻኑ ይገልጹ።

ማክዳ ትንሱእ

## ንግንዛበ

## ዝንቡዕ ኣተሓሳስባ

ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ሓደ ዘጋጠመ ነገር ጥራይ ዝኸሰት ነገር ኰይኑ ዝሰምዖም ሰባት ብዙሓት እዮም። ቅኑዕ ዝመስል ብልምዲ ዘስረጽናዮ ዓይነት ኣሉታዊ ሓሳብ እውን ኣሎ። እዚ ዝንቡዕ ኣተሓሳስባ ዝብሃል ኰይኑ፡ "ብኣቛራጭ ምሕሳብ" ኢልና እውን ክንሰምዮ ንኽእል ኢና። ምኽንያቱ ካብ ምሒር ምድግጋም፡ ኣእምሮና፡ ዳርጋ ከይተረድኦን ከይሓሰበን ዝገብሮ ነገራት ስለዝኾኑ። እዚ ንዝኾነ ይኹን ነገር፡ ብዝግባእ ንኸይንርዳእን ንኸይንትንን ዓጊቱ፡ ቅኑዕ ዝብሃል ውሳነ'ውን ንኸይንውስን ዝኽልክሉ እዩ።

እዚ ዝስዕብ ገለ ኣብነታት ናይ ዝንቡዕ ዝብሃል ኣተሓሳስባ እዩ፥

1. ኵሉ ነገር ወይ ሓደ ነገር ጥራይ ዝብል ዓይነት ኣተሓሳስባ፣ እዚ ዓለም ኣብ ክልተ ጫፋት ጥራይ ብምቛም፡ ነገራት ጻዕዳን ጸሊምን እናበልካ ከም ትርዳእ ዝገብር እዩ። ኣብ ውሽጢ ብዙሕ ሕብርታት ከም ዘሎ ኣረሲዑ ናብ መደምደምታ ንኽትከይድ'ውን ዝጸሉ እዩ።

2. ኵሉ ከምዚ ዝብል ዓይነት ኣተሓሳስባ እዚ፡ ኣብ ሓደ ጥራይ ዘጋጠመ ነገር ናብ ኵሉ ከም ትወስዶ ዝገብር እዩ። ኣርኣእያኻ ኣጽቢቡ ክፉትነት ኣእምሮ ዝድርት'ዩ።

3. ምግናን፣ እዚ'ውን ንሓደ ዘጋጠመ ነገር ዓቢ ይኹን ንእሽቶ ወይ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ብዘየገድስ፡ ኣጋኒንካ ናይ ምቕራብ ክስተት ይውክል።

4. ዝኾነ ነገር ምስ ነብስኻ ምትእስሳር፣ ዝዅነ ዘጋጥም ክስተት ምስ ነብስኻ ከተኣሳስሮ እንከለኻ፡ ፈጺሙ ዘይራኸብ ነገራት ናብ ነብስኻ ኣምጺእካ፡ 'ኣነ ከምዚ ስለ ዝኾንኩ፡' እናበልካ ምሕሳብ ይውክል።

5. ሰብ ኣብ ውሽጡ እንታይ ይሓስብ ከም ዘሎ ከም እትፈልጥ ኴንካ ምቕራብን ወዘተን ዝኣመሰለ እዩ።

እዚ ዓይነት ሓሳብ ኣእምሮና ከጋግየና ኢሉ ዘይኮነ፡ ንኣና ነገራት ንምቅላል ኢሉ ዝገብሮ ምኻኑ ምርዳእ የድሊ። ምስ ግዜ ግና ከምቲ ዘለዎ ተቐቢልና ስለ እንጥቀመሉ፡ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ዝዛይድ እዩ። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገራት ንምድሓን እምበኣር፡ ዝኾነ ኣብ ርእስና ዝመጽኣና ሓሳብ፡ ክንምርምሮን ሓቅነቱ ፈለማ ከነረጋግጾን ይግባእ።

ኣሚራ ሰናይ

## ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: Change this sentence into Future Tense, "I killed a person."

Student: The Future tense is "You will go to a jail."

ሜሪ ማና

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"እቲ ንእሽቶ ዓወት ዝጓናጸፍ፡ ንእሽቶይ መስዋእቲ ይሕተት። እቲ ዓቢ ዓወት ዝጓናጸፍ፡ ዓቢ መስዋእቲ ይሕተት።"

- *James Allen*

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ኣብርሃም ተስፋጽዮን

## ኣብነታዊ ኣርባሒ ናይ ጸባ ከብቲ



ኣቶ ኣብርሃም ተስፋጽዮን

ኣብ ሃገርና ብዘመናውን ሓውሲ ዘመናውን ኣገባብ ምእላይ ናይ ጸባ ከብቲ ነዊሕ ታሪኽን ድሕረ ባይታን ዘሎዎ'ኳ እንተኾነ፡ ዛጊት ግና ከምቲ ዝድለ ክግስግስ ኣይከኣለን። ከም ምኽንያት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ረቛሒታት ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ እቶም መሰረታውያን ዝበሃሉ ግና ዓሌት ከብቲ፡ መግብን ኣመጋግባን ከምኡ'ውን ግቡእ ክንክንን ምሕደራን እዮም። ካብዚኦም ድማ ቀረብ መግቢ ኣብ ቅድሚት ይስራዕ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ንመግብን ኣመጋግባን ናይ ጸባ ከብቲ ልዑል ኣተኩሮ ሂቡ ዝሰርሓሉ ስትራተጂ፡ ኣብ ቀጠልያ ወይ ሓምላይ መግቢ ምርኩስ ዝገበረ ምድንፋዕ ስርዓተ መፍረ ጸባ ዝብል እዩ። እዚ ንኡስ ጽላት፡ ክሰፍሕን ምህርቲ ጸባ ናብ'ቲ ዝድለ ደረጃ ክዓብይን እንተ ኾይኑ ድማ ቀረብ ሓምላይ መግቢ ናይ ግድን ክወሓስ ኣለዎ። እቲ ቐዳማይ መደብ፡ ምምስራትን ምሕያልን መደበራት ፈልሲ ከምኡ'ውን መርኣያን መባዝሕን ቀጠልያ መግቢ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ ክኸውን፡ እንተ ተኻኢሉ ድማ ኣብ ደረጃ ምምሕዳር ከባቢ ክኸውን'ዩ። ነዚ መደብ ንምዕዋት፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘርኢ ቀጠልያ መግቢ (ንኣብነት ኣልፋ ኣልፋ) ኣብ ውሽጢ ሃገር ብእኹል ዓቕን ንኽባዝሕ ሰፊሕ ውጥን ሒዙ ይሰርሓሉ ኣሎ። ምስፋሕ ብቐጠልያ መግቢ እንስሳ ዝለምዐ መሬት ድማ እቲ ካልእ ሚኒስትሪ ሕርሻ ጸቒጡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ'ዩ።

እቲ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ብዝለዓለ ዝድፍኣሉ ዘሎ ስትራተጂ ምስፋሕ ልምዓት ሓምላይ መግቢ ድማ ኣልማዕቲ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝኾኑ ሓረስቶት፡ ካብ'ቲ ዝለምዕ ዘሎ መሬቶም ወይ ጀርዲኖም፡ 10 ሚእታዊት ንሓምላይ መግቢ (ሓደ ኣፍ ካብኡ ድማ ንምቁር ድንሽ) ከም ዘልምዑ ምግባር'ዩ። እዚ ኸኣ ሸፈነ ብሓምላይ መግቢ ዝለምዕ መሬት ዘዕብይን፡ እኹል ቀረብ ሓምላይ መግቢ ንምውሓስ ዝሕግዝን ስለ ዝኾነ፡ ኩሎም ሓረስቶት ከተግብርዎን ዝምልከቶም ክኢላታት ድማ ብዝለዓለ ክደፍኡልን ኣገዳሲ እዩ።

ኣብዚ ጽሑፍ፡ ኣብ ልምዓት ቀጠልያ መግቢ፡ ዓቢ ዝላ ብምምዝጋብ፡ ካብ ሓንቲ ላም ተበጊሱ፡ ናብ 16 ናይ ጸባ ከብቲ ከዕቢ ዝኸኣለ፡ ኣብ ዓዲ ነኹየ ዝነብር ኣብነታዊ ሓረስታይ ኢና ክነቕርበልኩም። ዓዲ ነኹየ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ እትርከብ፡ ኣስታት 200 ገባር ዘቕመጥዋ ዓዲ ኾይና፡ ምስ ዓዲ ገዳ፡ ዓዲ በዝሓንስ፡ ዘመር፡ ዓዲ ህዝባይን እምኒ ጸሊምን ትዳወብ።

ሓረስታይ ኣብርሃም ተስፋጽዮን እዩ ዝብሃል። እዚ ሓረስታይ ቅድሚ 12 ዓመታት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓንቲ መላእ ናይ ጸባ ከብቲ ሂቡ ኣበጊሱዎ። ንሱ፡ ነቲ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብብእዋኑ ዝህቦም መምርሒታት ኣገባብ ልምዓት ቀጠልያ መግቢ ምርኩስ ብምግባር፡ ነታ ዝተዓደለቶ ላም እተፈላለየ ቀጠልያ መግቢ ብምፍራይ፡ ምእኩት ጸባ ብምርካብ ብብእዋኑ ብኽኢላታት ሕርሻ እናተደገፈ፡ ብዘመናዊ ምድቓል ድማ እናራብሐ፡ ናብ 16 ከም እትፈሪ ገይሩ። ኣብ'ዚ እዋን ከኣ 11 ናይ ጸባ ከብቲ ሒዙ ይርከብ። ምህርቲ ጸባኡ ክብ ብምባል ድማ ብማእከላይ ገምጋም ኣብ መዓልቲ 24 ሊትሮ ጸባ ይረክብ። ኣቶ ኣብርሃም፡ ንምህርቲ ጸባኡ፡ ኣብ ድባርዋ ናብ ዝርከብ ማሕበር ኣፍረይቲ ጸባ'ዩ ዘረክቦ።

ሓረስታይ ኣብርሃም ተስፋጽዮን፡ ብኸመይ ናብ ምፍራይ ጥሪት ከም ዝኣተወ ክገልጽ ከሎ፡ "ኣነ ኣብ ኣስመራ'የ ዓብየ። ኣብ ምርባሕ ከብቲ ምስ ዝነጥፉ ስድራቤት ድማ እሰርሕ ነይረ። ኣብ 1984 ናብ ዓዲ ወሪደ፣ ነዛ ሽውዓተ ሜትሮ ዝዕምቆታ ዒላ ኰዒተ፡ ኣብ ጀርዲን ምንጣፍ ጀሚረ። ምስ ግዜ፡ ብዝግባእ ኣግፊሐ፡ እኹል ማይ ከም እትሕዝ ብምግባር ከኣ ከም ሽጉርቲ፡ ኣሕምልቲ፡ ቊስጣ፡ ኮመደረ፡ ድንሽ ወዘተ. ከፍሪ ክኢለ። ብድሕሪ'ዚ፡ ብሓገዝ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምልኦ ዘለዋ ላም ተዋሂበ። ብመሰረት መምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ እታ እተዋህበትኒ ላም ዝወለደታ ኣርሒ ናብ ካልእ ሰብ ከሰጋግር እዩ፣ ከምኡ ድማ ገይረ። ብኸምዚ ኣገባብ፡ ኣብ ንጥፈታት ናይ ጸባ ከብቲ ኣትየ። ብዙሕ ፍልጠትን ተመኩሮን ድማ ከጥሪ ክኢለ። እታ እተዋህበትኒ ላም፡ ፈለማ ተባዕታይ፡ጸኒሓ ድማ ኣንስተይቲ ወሊዳ። ነታ ኣንስተይቲ ንኻልእ ሰብ ንኽህቡዋ ንሚኒስትሪ ሕርሻ ምስ ሃብኩዎም፡ እታ ላመይ ደጊማ ኣንስተይቲ ወሊዳትለይ። ደቃን ደቂ ደቃን እናበለት ከአ ክሳብ 16 ፈርያ" ክብል ይገልጽ።

ሓረስታይ ኣብርሃም፡ ነተን ኩብቱ ከም ኣልፋ-ኣልፋን ቃንጫን ዝኣመሰሉ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ስለ ዘዳልወለን፡ እኹል መግቢ ከም ዘሎዎ'ዩ ዝሕብር። ቀጠልያ መግቢ፡ ኣብ ምፍራይ ጸባ ዓቢ ውጽኢት ስለ ዘሎዎ ኸኣ፡ ንግሆን ምሸትን ብድምር ካብ ሓንቲ ላም ካብ 20-24 ሊትሮ ጸባ ከም ዝረክብ ይሕብር።

ኣብዚ እዋን ሓረስታይ ኣብርሃም፡ ሕርሻዊ ልምዓቱ ብጸሓያዊ ጸዓት'ዩ ዘካይዶ ዘሎ። "ቅድሚ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ሰብ ተቖጺረ ዝሽቅል ዝነበርኩ፡ ሎሚ ርእሰይ ክኢለ ኣብ መነባብሮና ዓቢ ለውጢ



ከምጽእ ክኢለ ኣለኹ። ሳላ'ዘን ከብቲ መንበሪናን መንበሪ ናይ'ዘን ከብትን ክንሰርሕ ክኢልና ኣለና" ብምባል ከአ ዕግበቱ ይገልጽ።

ሓረስታይ ኣብርሃም ተስፋጽዮን ኣብ ከባቢኡ ንዝርከቡ ሓረስቶት'ውን ብእወታ ክጸሉ ክኢሉ'ዩ። ብዙሓት ሰባት ናብኡ እናኸዱ፡ ኣመጋግባ፡ ኣተሓሕዛ፡ ጽሬትን ካልእን ከብቲ ከም ዝዕዘቡን ተመኩሮ ወሲዶም ከም ዝኸዱን ይሕብር። ሓያሎ'ውን፡ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩዎም፡ ኣብ መፍረ ናይ ጸባ ከብቲ ዝኣተዉ ከም ዘለዉ ይገልጽ።

"እዘን ከብቲ፡ ምስአን ጥቡቕ ፍቕሪ ክህልወካ'የን ዝጠልባ። ብወገነይ ክሳዕ በብስመን'የ ዝጽውዐን። ተስፋ ዝሃብካዮ ተስፋ ስለ ዝህበካ ኸኣ፡ ተስፋ ይህባኒ ኣለዋ። ምስኡ'ውን፡ ብሰዓታት ስለ ዝበልዓን ዝሕለባን፡ ኣብ ሰዓተን'የን መግበንን ማየንን ዝህበን። ሳዕረን በሊዐን ማየን ሰትየን ጸጊበን ክርእየን ከለኹ ድማ ፍስሃ ይዓስለኒ" ይውስኽ ሓረስታይ ኣብርሃም ተስፋጽዮን።

ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣብርሃም ተስፋጽዮን፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ክበጽሕ ዝኽኣለ፡ ካብ ጎድኑ ከይተፈልዩ ዘድሊ ምኽርን ሓበሬታን እናሃቡ፡ ሞራል፡ ምትብባዕን ምክትታልን ዝገበርሉ ዘለዉ ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ምኳኖም ይሕብር። ጥዕናአን ኣብ ምክትታል ኮነ ብዝደለዮ ኣገባብ ኣብ ምድቓል፡ ኣበርክቶኦም ዕዙዝ ከም ዝኾነ'ውን ይገልጽ። ንኣብነት፡ እንተ ደልዩ ብመንገዲ ዘመናዊ/ ሰብ-ሰርሖ የዳቕልሉ፣ እንተ ደልዩ ድማ ኣርሓ ብዕራይ ብናጻ ኣምጺኦም ብምስራር ከም ዘዳቕልሉ የረድእ። ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣብርሃም ናይ መጻኢ መደቡ ክገልጽ ከሎ፡ ነዚ ስራሕ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሖ'ዩ መደቡ። መደቀሲአን ዝኸውን ዝኣክል ገዛ ክሰርሓለንን ዘድልየን ነገራት ክቕርበለንን እውን ድሉው ከም ዘሎ ይሕብር።

ዮሩሳሌም ኪዳን፡ ኣብ ቤ/ጽ ሕርሻ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ከም ክኢላ ምርባሕ እንስሳ ኰይና'ያ እሰርሕ። ብዛዕባ ኣብነታዊ ሓረስታይ ኣብርሃም ተስፋጽዮን ክትገልጽ ከላ ኸኣ ከምዚ ትብል፡ "ኣቶ ኣብርሃም፡ ብልቓሕ ሓንቲ መላእ ላም ተበጊሱ፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ዘሎ ኣብነታዊ ሓረስታይ ንኡስ ዞባና'ዩ። ኣብ ጽቡቕ ደረጃ መነባብሮን ምርባሕ ናይ ጸባ ከብትን ከአ ይርከብ። ከብቱ




ኢዮርሳሌም ኪዳን

ኣፋርዩ ኣብ'ዚ ደረጃ ክበጽሕ ካብ ዝገበሮ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ውልቃዊ ጻዕሩን ምኽሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ ስለ ዘተግብርን'ዩ" ትብል። ንሳ ኣስዒባ፡ "እቲ ቀዳማይ ሓረስቶት ከተግብርዎ ዘለዎም ውሑስ መግቢ እንስሳ ከፍርዩ ይግባእ። ከምዚ ኣብ'ዚ ከባቢ ብዓይንና እንርእዮ ዘለና ኸኣ ኣቶ ኣብርሃም እኹል ሓምላይ መግቢ እንስሳ ማለት ኣልፋ-ኣልፋን ቃንጫ ዕፉንን ኣልሚዑ ኣሎ። ምሉእ ዓመት ውሑስ መግቢ እንስሳ ኣሎዎ ማለት'ዩ። እዚ ኸኣ ጸባኡ፡ ውሕስነት መግቡን ጥዕና እንስሳኡን ተሓልዩ ብጽቡቕ ክነጥፍ ኣኽኢሉዎ ኣሎ" ድሕሪ ምባል፡ ብዝኽተሎ ዘሎ ዕዉት ሕርሻዊ ልምዓት፡ ኣብ ከባቢኡ ጽልዋ ብምሕዳር ብዙሓት ሓረስቶት፡ ላም ገዚኦም ኣብ ምፍራይ ጸባ ይነጥፉ ከም ዘለዉ መስኪራ። ዋላ ዒላ ዘይብሎም ሓረስቶት'ውን፡ ምስ በዓል ዒላ እናተረዳድኡ፡ ናይ ጸባ ከብቲ ብምሓዝ፡ ኣብ ምፍራይ ጸባን ምሻጥ ጸባን ይነጥፉ ከም ዘለዉ ኣረዲኣ። ጸሓያዊ ጸዓት ኣተኣታትዩ ስለ ዘሎ ኸኣ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ብናጻ ብሶላር ካብ ዒላ ማይ ከስትዩ ይደጋገፎም ኣሎ።" ትብል።

ኣብ መወዳእታ፡ ክኢላ ምርባሕ እንስሳ ዮሩሳሌም ኪዳን፡ "ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ" ዝብል ራእዩ ሚኒስትሪ ሕርሻ ንምትግባር፡ ሓረስቶት ናይ'ቲ ከባቢ እንተ ወሓደ ሓሓንቲ ላም ኣብ ገዛኦም ክሕዙን ምስ ወነንቲ ጀራዲን እናተረዳድኡ ድማ ውሑስ ቀጠልያ መግቢ እንስሳ ምሉእ ዓመት ኣፍርዮም፡ ጽቡቕ እቶት ምህርቲ ጸባን ፍርያት ናይ ጸባ ከብትን ክረኽቡን ተዘኻኽር።

ብርሃነ ዓንደመስቀል




**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ


## ብሉጽን መሳጥን ህያብ ንደቅኹም!

መጽሓፍ 'ደሴት ቊጽርታት 1'ን 'ደሴት ቊጽርታት 2'ን ዝተሰምየ መጻሕፍቲ፡ ንደቕኹም ኣብ ዓለም ስነ-ቊጽሪ ዘጥሕላ መጻሕፍቲ እየን። እዘን መጻሕፍቲ እዚ ዝስዕብ ቀንዲ ትሕዝቶ ሒዘን ይርከባ፡

-20%









- ቊጽራዊ ጸወታታት፦ ብመገዲ ዛንታታት ኣቢሎም ባህሊ፡ ቋንቋ ትግርኛን ዝተፈላለዩ ስነ-ቊጽራዊ ሓሳባትን ንምርዳእ።
- ቊጽራዊ ጸወታታት፦ ኣብ ገዛውቶም ይኹን ኣብ ቤት-ትምህርቲ እና ተጻወቲ፡ ስነ-ቊጽሪ ዝርድኡሉ ኣዝዩ ኣዘናጋዒ ጸወታታት።
- ቊጽርታት ብትሽዓቲኦ ብሄራት፦ ኣደማምጻ ካብ 0 ክሳዕ 100 ዘለዉ ቊጽርታት።

እዘን ካልእን ኣጠቓሊለን ይርከባ። ከብሒ መጻሕፍትኹም፡ ነዘን መጻሕፍቲ ስኢኑ ቄሪሩ'ዩ ዘሎ! ግዝእወን! ፍልጠትኩም ኣኻዕብቱ!
ነዛ ጋዜጣ ናብ ፌስቲቫል ኤክስፖ ሒዝኩምዋ ምስ ትመጽኡ፡ ነተን መጻሕፍቲ 20% ጉደሎ ዋጋ ክትገዝእወን ትኽእሉ።

ደራሲት፡ ፈራሓ ኣሕመድ   ቊ.ተሌፎን፡ 07175030




## ብስራት ንተማሃሮ ማእከላይ፡ ካልኣይን ላዕለዋይን ደረጃታት

Golden Integrated   Algebra & Geometry


ስነ-ቁጽሪ ብዝቐለለ መገዲ ንኽንመልኽን ኣብ ክፍሊ ይኹን ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ክንዕወት ዝሕግዛ መጻሕፍቲ።

ትሕዝቶ መጻሕፍቲ፦

- ኩሉ ዓይነት መግለጺ ናይ ኣልጀብራን ጆሜትርን ዘጠቓለላ
- ልዕሊ 700 ኣብነታት ምስ ኣሰራርሕኡ
- ልዕሊ 1700 ሕቶታት ናይ ሃገራዊ መርመራ ዝመሳሰሉ ሕቶታት ምስ መልስታቶም









ቴሌፎን፦ 07114840


## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ምሸዮች ጼጋይ ኪዳኑ ኣደይ ጉብረኤል ሮኽሪ ዘራጽዮን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ ሓደ ሓወይን 5 ተተኻእትን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ።

ክሳሲ ገዚኢ ባይሩ ጉብረኣብ፡ ተኸሳሲት ሓዳስ ባይሩ ጉብረኣብ፡ ንምርካብ ንብረት ኣመልኪቱ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ን22/7/26 ኣብ 6 መጋቢያ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ቅረቢ። እንተዘይ ቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወረ/ፍ የናስ ሃይሉ፡ ወ/ሮ መርከብ የናሱ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ሃይለ ገዛህይ፡ ዳዊት ሃይሉ፡ ጴጥሮስ ሃይሉ፡ ኤርሚያስ ሃይሉ፡ ሳምኤል ሃይሉ፡ ኣስቴር ሃይሉ፡ ሄለን ሃይሉ፡ ሳራ ሃይሉ፡ ዩኤል ሃይለ፣ ንውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን 29/7/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሰምሰም መብራህቱ ንገሱ ወኪል ማስፍን እስቲፋኖስ፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ፍ መብራህቱ ወረ/ፍ ሮኽረጼን መብራህቱ ንገሰ 1. ሃብቶም ሮኽረጼን መብራህቱ 2. ትዕበ መሓመድ በኪት 3. ወ/ሮ ኣልጋሽ ጉብረእግዚቤር ካሕሳይ 4. ኣክሊሉ ተኽሊት ሰረቐ 5. ኣቶ ፍስሃ ተኽሊት ሰረቐ 6. ኣስካሉ ተኽሊት ሰረቐ 7. ኣቶ ኣብርሃም ተኽሊት ሰረቐ 8. ወ/ሮ ሰምሃር ተኽሊት ሰረቐ 9.ኣቶ ኤፍሬም ተኽሊት ሰረቐ 10.ወ/ሮ ኣስመረት ተስፋይ መብራህቱ 11.ኣቶ ዳዊት ተስፋይ መብራህቱ 12.ኣቶ ሳህለ ተስፋይ መብራህቱ 13. ወ/ሮ ሰለማዊት ተስፋይ መብራህቱ 14. ኣቶ መብራህቱ ተስፋይ መብራህቱ 15. ኣቶ መሴ ተስፋይ መብራህቱ 16. ሄለን ተስፋይ መብራህቱ 17. ወ/ሮ ኣድያም ተስፋይ መብራህቱ 18. ወ/ሮ ሰናይት መሓሪ መብራህቱ 19.ወ/ሮ ትዕግስቲ መሓሪ መብራህቱ 20. ወ/ሮ ጸገረዳ መሓሪ መብራህቱ 21.ሰላም መሓሪ መብራህቱ 22. ወ/ሮ ሰላት መሓሪ መብራህቱ 23.ኣቶ ፍጹም ዓንደብርሃን ጉብረኣብ 24. ፋና ዓንደብርሃን ጉብረኣብ 25. ወ/ሮ ኣስቴር ዓንደብርሃን ጉብረኣብ 26.ወ/ሮ ዘበሽ ዓንደብርሃን ጉብረኣብ 27.ኣቶ ሙሉጌታ ዓንደብርሃን ጉብረኣብ 28. ኣቶ ኣማኒኤል ዓንደብርሃን ጉብረኣብ 29. ኣቶ ተማስገን ዓንደብርሃን ጉብረኣብ 30 ኣቶ ተስፋልደት ዓንደብርሃን ጉብረኣብ፣ ንውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ቤት ፍርዲ ክትቀርቡ፣ እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ። ተወሳኺ ትእዛዝ፣ ተጸዋዕቲ 1.ኣቶ ንገሰ ሮኽረጼን መብራህቱ 2. ኣቶ ጆርጆ ሮኽረጼን መብራህቱ 3.ወ/ሮ ገነት ተኽሊት ሰረቐ 4. ደጀን ተስፋይ መብራህቱ ወ/ሮ ሳባ ዓንደብርሃን፣ ቀሪቦም መልሲ ክህቡ ን20/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።


# ቀንዴል

# ትምህርቲ መካኒክ

ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን
ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

#ኣካውንቲን ምስ ፒችትሪ   #ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ / ሶላር
#ግራፊክስ   #ጽገና ኤለክትሪካል ማሽን
#ኮምፒተር

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ. 121571 /07325197


## ምልክታ ጨረታ

ንብረት መንበረ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ ዝኾና ዘገልገላ ካብ ስራሕ ከፍ ዝበላ ዝተፈላለያ ዓይነት መካይን ማለት ላንድሮቨራት፡ ቶዮታ ላንድክሩዘር፡ ፒክኣፕ፡ ማርቸደስ ዘጠቓለለ ዓሰርተ መካይን፡ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ብክፉት ጨረታ ብዘለዋእ ኩነታት ኣውዳዲሩ ክሸይጥ ስለዝወሰነ፡ እዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቛሒታት ዘማልኡ ተጫረትቲ ይዕድም።

1.መካይን ዝረኽበሉ ቦታ፦

ክልተ መካይን - ኣብ ቀጽሪ ክፍሊ ንብረት መንበረ ፓትርያርክ ድሕሪ ሜዳ ባሕቲ ማስከረም ጥቓ ላሊበላ ሆቴል ሸሞንተ መካይን ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀራንዮ ነበር፡ ሰታንታኡቶ ድሕሪ እንዳ ተስፋማርያም ዱኳን።
2.ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ክሳብ ደሮ ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይ ስራሕ መዓልታት ካብ ሰዓት 8:00 ቅ.ቀ ክሳብ 12:00 ፍርቂ መዓልቲ ከም ዘለዋእ ምርኣይ ይከኣል።
3.ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሰታራት (ፖስታ)፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ብጽሑፍ ዝለዓለ ዋጋ ክበጽሕዎ ናይ ዝኽእሉ መጠን ገንዘብ ብምጽሓፍ፡ ክሳብ ዓርቢ ዕለት 24/07/26 ናብ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ፡ ክፍሊ ቁጽሪ '2' የቕርቡ።
4. መመዝገቢን ዝርዝር ዓይነት መካይን ዝሓዘ ሰነድ ንጨረታ ዝተዳለዋ መካይን ዘይምለስ 1.000.00 (ሓደ ሽሕ) ናቕፋ ከፊልካ ይውሰድ።
5. ተጫራቲ ንነፍስ ወከፍ መኪና መኽበሪ ጨረታ 50.000.00 (ሓምሳ ሽሕ) ናቕፋ ብናይ ባንክ ሲፒኦ (c.p.o) ኣሰሪሖ ኣቐዲሙ ንክፍሊ ፋይናንስ መንበረ ፓትርያርክ የቕርብ። ተዓዋቲ ምሉእ ገንዘብ ከፊሉ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ንብረቱ እንተዘይኣልዒሉ እቲ መኽበሪ ጨረታ ተባሂሉ ዝተታሕዘ ገንዘብ ናብ መንበረ ፓትርያርክ ኣታዊ ድሕሪ ምዃኑ፡ ነቲ ድሕሪኡ ዘሎ ናይ ካልኣይ ተዓዋቲ ዕድል ይወሃብ።
6. ተጫረትቲ ዝደለዩወን መካይን ብነጸል ይኹን ብጅምላ ክውዳደሩ ይኽእሉ። ኣብዚ ብዕሹግ ዘቕርብዎ ሰታራት ድማ ክበጽሕዎ ዝኽእሉ ዝለዓለ መጠን ገንዘብ ብነጸር ይጽሓፍ።
7. ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ናይ ጅምላ ንጽል ዋጋ ጨረታ ብምውድዳር ዘርብሖ ክመርጽ መሰል ኣለዎ።
8. መስርሕ ምትሕልላፍ ዋንነት ዝምልከት፡ ተዓዋቲ ጨረታ ኩሉ ዝምልከቶ መንግስታዊ ክፍሊት ምሉእ ብምሉእ ከፊሉ ናብ ስሙ የሰጋግር።
9. ውጽኢት ጨረታ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ይግለጽ።
10. ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።


## መጽሓፍ ኣርማና 1





መጽሓፍ ኣርማን 1 ቋንቋ ኣደ ትግርኛ፡ ካብቲ ኣቐዲማ ተሓቲማቶ ዝነበረት፡ ሕጂ ተመሓይሻ ንኻልኣይ ግዜ ተሓቲማ ንዕዳጋ ቀሪባ ኣላ።
ትሕዝቶ መጽሓፍ፣-
 ተመሃሮ ኣብ ሓድ ሕዶም ምስ ወለዶም ወይ ኣለይቶም ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ንዘካይድዎ ምርድዳእን ዘተን ከም መወከሲት ንኽጥቀሙላ።
 ነቲ ኣብ መባእታ ዘሎ ናይ ቋንቋ ግርኛ መምህሪ መጻሕፍቲ፣ ብዝያዳ ንምህብታምን ንምሕያልን።
 ቋንቋ ትግርኛ ንዝምህሩ መምሃራንን ወልድን ከም ተወሳኺ መምሃሪትን መወከሲትን ንኽጥቀሙላ፣፣
 ኣብ ምምሃር ክፍለተ ሰዋስው ወይ ክፍሊ ዘረባ፣ ስርዓተ ነጥቢ፣ ኣነዳድቓ ቃላት፣ ብሓፈሻ ኣብ ምምሃር ቋንቋ ትግርኛ፣ ኣበርክቶ ክትገብር ተባሂላ ዝተዳለውት መጽሕእፍ እያ።
ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኩርናዕ መጻሕፍቲ ተቐሪባትልኩም ኣላ።
ኣዳላዊ፣ መም. ኣስመሮም ገብረማርያም (7148665)

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት ሞለስ







## Vacancy Announcement

We are seeking to hire the following staff:
1. Public Relations Coordinator
2. Assistant Accountant
3. Secretary
4. IT Specialist
5. Driver
6.Hospitality Worker
7. Cook

 Public Relations Coordinator (Both Gender):
• University degree in Public Relations or equivalent
• Minimum 3 years of experience
• Excellent communication skills

 Assistant Accountant:
• Degree in Accounting or Finance
• Minimum 3 years of experience in the same field

 Secretary
• Degree or certificate in secretarial science, the same field or equivalent
• Minimum 3 years of experience in the same field

 It Specialist (Both Gender):
• Degree in the IT technology, same field or equivalent
• Minimum 3 years of experience in the same field

 Driver:
• Valid driver's license
• Experience driving and traveling within and outside Asmara


 Hospitality Worker (Both Gender):
• Degree in the same field or equivalent
• Minimum 3 years of experience in the same field

 Cook
• Minimum 3 years of experience or equivalent in the same field

 Required Qualifications:
• Age not exceeding 35 years
• Proficiency in Arabic, English, and Tigrinya (depending on the position)
• Good conduct and character
• Ability to work as part of a team
• Exemption from or discharge from national service, with proof from the Eritrean Ministry of Defense
• A clearance certificate from the current/previous employer
• Attach required documents (CV, experience certificates, copy of national ID card, etc.)
• Submitted documents will not be returned.
• Work Location: Asmara
• Send Applications to P.O. Box 9315
 CV submission Deadline: 18/8/2026.



## ብስራት ንኣንበብቲ መጽሓፍ ውሽጣዊ ሓይሊ




ንዘሎና ውሽጣዊ ጸጋ ብምብርባር፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ዓቢ ዓወት እተጐናጽፍ፡ ንዕላማናን ብህግታትናን ኣነጺራ ብምርኣይ፡ መንገዲ ዓወት ኣብ ምምራሕ ዓቢ እጃም፡ እትጻወት ሓዳስ መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ።

ኣንብብዋ፡ ንህይወትናን ከባቢናን ዝቕይሩ ሓሳባት ከነፈልፍል እትድርኽ ትሕዝቶ ኣሎዋ!


ቅድሚ ሕጂ ብደራሲ ዝፈረዩ መጻሕፍቲ፡
* ደሴት ፍቑራት
* ቀይሕ መስመር
* ብሉጽ ተመሃራይ

ደራሲ፡ ጆሚ ደጆን ተኽለ


ሞባይል፡ 07377953/ 07190414



## ናይ ሃብትን ስነ-ልቦናን መጻሓፍቲ




- ሓሳብ
- ሃብቲ
- ልቦና
- ብቕዓት
- ብሉጽነት
- ርግኣት
- ሓጐስ
- ዕብየት




"ሃብቲ፡ ኣብ ኣተሓሳስባ እዩ!!"

ኣብ ኣውገት ባሕቲ መስከረም፡ ጋለሪ፡ መረብ፡ ሰቲት፡ ኣምባሳደርን ካልኦትን ተዘርጊሐናልኩም ኣለዋ፤ ዓዲግኩም ኣንብብወን።

ንሓበሬታ፥ ኢንጂ. ሚኪኤል ኣዳም 07265765 ተወከሱ።



## ምስጢር ጾም ኣብ ጥዕና




መጽሓፍ ምስጢር ጾም ኣብ ጥዕና
እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ብዝያዳ ንልዕሊ 50 ዓመት ዕድመ ዝዓለመት ኮይና፣ ብጠለብ ኣንበብቲ ንኻልኣይ ግዜ ተሓቲማ ኣብ ዕዳጋ ውዒላ ኣላ።
ትሕዝቶ መጽሓፍ፣
• ኣብዚ ግዜ'ዚ ንወድ ሰብ ዝፈታትኑን ዘሸግሩን ዘለዉ፣ ብእግረ ሰላሕታ እናማዕበሉ፡ ብሰላሕታ ቀተልቲ (Silent Killers) ተባሂሎም ዝፍለጡ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ጠንቀምን ዝርዝርን ብልሓት መከላኸሊኦም ተኣንፍትን።
• ኣመጋግባና፡ ንእምነትና፡ ንዓይነት ስራሕና ኩነታት ጥዕናን ኣብ ግምት ዘእተወ ብሕርያ እን ተዘይኮይኑ፡ ኣብ ጥዕና ዘለዎ ሳዕቤን ተብርሕን ትዝርዝርን።
• ክንክን ቅድመ እርጋንን ኣመጋግባ ልዕሊ 50 ዓመት ዕድመን ብምዝርዛር ገምጋም ዕምሪ (Life Expectancy) ወዲ ሰብ ምንዋሕን ዝብሉ፣ ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰሩ፣ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ኣብ ውሽጣ ዝሓቖፈት መጽሓፍ እያ።
• ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ኩርናዕ መጻሕፍቲ ተቐሪባትልኩም ኣላ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ተሌፎን 07148665,፣ 07755029, 07577170 ደውሉልና።
ኣብ ኣመጋግባና ንዕድመናን ዓይነት ስራሕናን ኣብ ግምት ኣትዩ፣

**"ንመግቢ ከም መድሃኒት እን ተዘይወሲድናዮ፣ ንመድሃኒት ከም መግቢ ክንወስዶ ክንግደድ ኢና፣"**

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Projects Field Engineer**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Process Plant-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Supervise different projects at the same in a 'hands on' role with several both skilled and semi-skilled national artisans to construct new buildings (Steel Structures, Electrical Civil Works, Pipelines and Excavations) whilst using equipment and personal available on the Mine.
- Perform regular Safety Inspections, following a scheduled work plan, reporting back on work progress and ensuring costs are within the budget. In addition, position is responsible for identifying and order relevant parts and materials required for construction, following site procurement procedures.
- The position will include overall civil, structural, electrical and mechanical construction responsibilities ensuring all works carried out are done in a safe manner, Engineering Standard, in compliance to site HSEC regulations.
- The position also includes identifying and carrying out standard material used and QAQC in Project implementation.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Plan, forecast, and monitor project schedules, budgets, and resources.
- Interpret civil, structural, mechanical, and electrical drawings for project execution.
- Coordinate with contractors, engineers, and project teams to ensure timely delivery.
- Prepare progress reports, cost estimates, and bill of quantities.
- Ensure projects remain within budget and aligned with objectives.

**Implementation**

- Execute projects efficiently across all disciplines while minimizing downtime.
- Ensure compliance with safety standards, PPE requirements, and mine regulations.
- Identify and mitigate project risks and issues.
- Ensure installations comply with standards and IFC drawings.
- Maintain quality control and approve revisions/documentation changes.

**Reporting & Documentation**

- Prepare daily progress and action reports.
- Use MS Project for planning and tracking.
- Maintain accurate project, commissioning, and handover documentation.
- Communicate effectively with clients, suppliers, and stakeholders.

**Team Management**

- Supervise, support, and motivate project teams.
- Conduct toolbox talks and safety/training sessions.
- Apply leadership, time management, and problem-solving skills.
- Provide technical guidance and hands-on support to team members.

**Unique requirements/other information**

- Skills: Project Engineers should have strong technical skills in engineering principles and practices. Candidate must be Medically and Physically fit.
- They should also have excellent communication and leadership skills, problem-solving skills, attention to detail, time management skills, and flexibility.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Must have degree or diploma in engineering, construction management, or related field.<br>• 10+ years' experience in project management, with a focus on construction projects.<br>• Proven ability to manage multiple projects simultaneously within budget and timeline constraints. | • 10 years relevant experiences in construction with in Process Plant Industry<br>• Experience: Previous experience in engineering or project management is typically required. The amount of experience required may vary depending on the project's complexity.<br>• A Project Engineer is responsible for managing a project's engineering and technical aspects. This includes coordinating with various teams, managing schedules, ensuring adherence to quality standards, and providing technical guidance to team members. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>• Mechanical and Maintenance experience & MS Project Skills<br>• Attention to detail and Analytical skill<br>• Problem solving skill<br>• Supervisory Experience<br>• Strong understanding of construction methods and materials. | • Excellent Communication (English)<br>• Assertiveness<br>• Interpersonal Relations and Integrity<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of Accuracy<br>• Self-motivation and Dedication to safety<br>• Time Management and Leadership |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ምንዳይ ሓቂ

## ካልኣይ ክፋል

ማማ ጉያይ፣ "ደሓን'የ ግርማይ ወደይ እስከ ንዓ ሓንሳብ ናብ ገዛ እቶ፡" ናብ ገዛአን ንኽአቱ ዓደምኦ።

ግርማይ፣ "ደሓን ዲኽን ማማ ጉያይ፧" ብምባል ተኸቲሉወን ናብ ውሽጢ ገዛ ኣተወ።

ማማ ጉያይ፡ "ስማዕ'ስከ ግርማይ ወደይ ኣብዛ ጣውላ ዝገደፍኩዋ 10 ናቕፋ እንድያ ተሰሪቓ ጸኒሓትኒ። ኣብ ገዛ ኣትዩ መን ክሰርቖ ይኽእል፧" ኢለን ሓተታ ብትሑት ድምጺ።

ግርማይ፡ ውዑይ ጣባይ ስለ ዘለዎ ብትሪ ምዝራብ ከም ዘየዋጽኦን ይፈልጣ እየን። ካብ ዋዒ ዝተላዕለ ምስ ደቂ እቲ ገዛውቲ ከይተባእሰ ውዒሉ ኣይፈልጥን እዩ።



"ኣነ እንታይ ፈሊጠ። ንግሆ ምስ ወጽእኩ፡ ሕጂ እየ ገዛ ዝኣቱ ዘለኹ። ናሆም ካብዛ ካንሸሎ ስለ ዘይወጽእ ንሱ ክኸውን ይኽእል እዩ። ካብዚ ካንሸሎ እናበኸየ ክወጽእ ረኺበዮ ጸኒሐ። ተዛራቢክንኦ ዲኽን፧" ግርማይ፡ ነቲ ዕጥዕርጥር ዝበለ ገጽን እናተዓዘበ ተዛረበ።

"ንሱ ኣብዛ ቅድመይ ስለ ዝጸንሐ ተዛሪበዮ። ምብካዩ ድማ ብዘይ ገበሮ የጽልሞ ከይህሉ ፈሪሀ፡ ግርማይ ወደይ። ሓቂ ምዝራብ ናሆም ጠባዩ ጥዑም እዩ። ብምዝራብይ ከማን ተጣዒሰ፡" ማማ ጉያይ፡ ብዘረባአን ጣዕሳአን ገለጻ።

"ማማ ጉያይ፡ ሰብ እኳ ኣይፍለጥን እዩ። ክገብር ይኽእል እዩ። ክገርመክን ከይትነግራለይ ደኣ እምበር፡ ንሱ ዝገበሮ ምነገርኩኽን፡" ግርማይ፡ ንናሆም ብዘሎዎ መንፍዓትን ጠባይን ስለ ዝቐንኣሉ ከጸልሞ ደለየ።

"እንታይ እዩ ንገረኒ፧ ኣነ ደኣ ቈልዓዶ ኮይነ ክነግረልካ፡" ማማ ጉያይ፡ ምስጢር ንኽሰምዓ እዝነን ጸለዋ።

"ንሱ፡ ብዙሕ ግዜ ኵዕሶ ናይ ደቂ ገዛውትና ሰሪቑ እዩ። ኣብ ገዛውትና ድማ 'ሰላሕታ' ኢና እንብሎ። ትምህርቲ ኣዝዩ ንፉዕ ስለ ዝኾነ፡ ሕማቕ ነገር ዘይገብር'ዩ ዝመስለና፡" ግርማይ፡ ነቲ ካብኡ ብኸልንትኡ ንፉዕ ዝኾነ ቈልዓ ኣጸለሞ።

"እንታይ ትብል ወደይ! እሞ በዚ ዝተዛረብኩዎ ዘጣዕስ የብለይን፡" ከም ዓቢ ከማኽረን ሓተታ።

ግርማይ፣ "እንታይ ዘጣዕስ ኣለክን፡ ብዘይካ ንሱ ኣብ ገዛ ዘውዕል መንዶ ኣሎ እዩ፧" ዓይኒ ዓይነን እናጠመተ ተዛረበ።

ማማ ጉያይ፣ "ዋላ ሓደ ኣይነበረን። ንሱ ንበይኑ እዩ ነይሩ፡" መለሳ። ግርማይ፡ ሓቂ ዝዛረብ ዘሎ መሲሉወን ፈተውኦ።

ግርማይ፣ "እሞ ርኢኽን ካልእ ሰብ ንስርቂ ኣየርክበሉን እዩ። ናሆም ኣብ ኩሉ እዩ ንፉዕ። ገጽ ጥራይ ኣይትሃብኦ። ምሳይ ከም ዘዕለልክን ድማ ከይትዛረባ፡" ብምባል ተዛንዩ ተዛረበ።

ግርማይ፡ ንማማ ጉያይ ጌጋ መረዳእታ ከም ዝህልወን ገበረ።

ማማ ጉያይ፣ "በዝስ ቅሰን እዚ ወደይ፡ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ምስ ዋላ ሓደ ሰብ ኣየዕልልን እየ። ናሆም ጻቕጣን እንድዩ፡ መን ይፈልጥ ክፍጽሞ ይኽእል እዩ። የቐንየለይ እዚ ወደይ፡ በል ሕጂ ናብ ገዛኻ ኪድ። ብሩኽ መዓልቲ፡" ኢለን ከም መማኽርቲ ዝረኸባ ዓቢ ሰብ ኣፋነውኦ። በቲ ዘረዛኦ ድማ ሓቂ ዘለወን ኰይኑ ተሰመዐን። በቲ ዝተዛረብኦ ድማ ጣዕሳ ከም ዘይብለን ምስ ነብሰን ተረዳድኣ።

***

ናሆም፡ በቲ ዘይተጸበዮ ናይ ማማ ጉያይ ዘረባ፡ ሕማቕ ተሰሚዕዎ ንበይኑ ኣብቲ ገዛውቲ ዕንይንይ ክብል ወዓለ። እቲ ኣብ ገዛ እንዳ ማማ ጉያይ ዝተፈጸመ ስርቂ፡ ንሱ ከም ዘይፈጸሞ ብኸመይ ከም ዘረድኣን ብሓሳቡ ኣሰላሰለ። እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ መልሲ ከይረኸበ ናብ ገዛኡ ኣተወ። ኣደኡን ምንኣስ ሓብቱን ከኣ ኣብ ገዛ ጸንሕኦ።

ናሆም፡ ናብ ገዛ ድሕሪ ምእታው፡ ኣብ ሳሎን ኮፍ ኢሉ ብዛዕባ'ቲ ዘጓነፎ እናሓሰበ፡ ኣቦኡ ናብ ገዛ ኣተወ። ድሕሪ ምዉቕ ሰላምታ ድማ ኣብ ጐድኒ ናሆም ኮፍ በለ። ግዜ ምሳሕ ኣኺሉ ስለ ዝነበረ ንኽምስሑ ኣብ መኣዲ ከበቡ። ናሆም ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብሮ ብኣቡኡ ጀሚሩ ንኹሎም ኣእዳዎም ኣሕጸቦም። ተሓጺቦም ምስ ወድኡ ድማ ንኽበልዑ ጸሎት ገበሩ፣ ኣቦ ድሕሪ ምብራኹ ድማ ክበልዑ ጀመሩ።

ናሆም ዘይከምቀደሙ መግቢ ምብላዕ ኣበዮ። ቀምጨጭ እናበለ ድማ ይበልዕ ነበረ። ውሽጡ ሰላም ስለ ዘሰኣነ መግቢ ኣጽልኦ። ኣብ መኣዲ ከሎ ድማ ኣብ ሓሳብ ጠሓለ። ኣብ ኣእምሮኡ ማማ ጉያይ ይርኣይኦ ነበራ። ኣብ ቤቱ ብኣካል እንተዘይኮይኑ ብሓሳቡ ምስ ስድራኡ ኣይነበረን።

ይቕጽል...

# መሃዝቲ ቈልዑ

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ብንኣሽቱ ክንዳኹም ተመሃሮ ዝተመሃዙ እንታይ ትፈልጡ፧ ኣብ ግዜ ንእስነቶም ዓበይቲ ነገራት ብምስራሕ፡ ንዓለም ዝለወጡ ብዙሓት እዮም። ንሎሚ ሰለስተ ኣብ ግዜ ቍልዕነቶም ብዝመሃዝዎ፡ ኣብ ዓለምና ወትሩ እናተዘከሩ ዝነብሩ ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ንስኻትኩም ድማ ከምዚኣቶም ሃበርም ቈልዑ ክትኮኑ ንትስፎ። ሰናይ ንባብ!

## ሉዊ ብሬይል



ሉዊ ብሬይል፡ ብ1809 ኣብ ፈረንሳ ተወሊዱ። ወዲ 3 ዓመት ከሎ ብዝጋጠሞ ሓደጋ፡ ኣብ መበል 5 ዓመቱ ዓይነ ስዉር ኮነ። ወዲ 15 ዓመት ምስ ኣኸለ 1824፡ ዓይነ ስዉራን ብኣጻብዕቶም ብምትንካፍ ከንብቡሉን ክንጽሕፉሉን ዝኽእሉ ናይ "ነጥቢ" ምልክታት መሃዘ። ሉዊ ብሬይል፡ ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝርከብ ንኣሽቱ ዓይነ ስዉራን ዝመሃሩሉ ሃገራዊ ትካል፡ ተመሃራይ ከሎ እዩ ንምህዞኡ ኣዳልዩዎ።

ጽልዋ ብሬይል፡ ሎሚ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ዓይነ ስዉራን ብርሃን ትምህርቲ ዝረኸቡሉ ዘለዉ፡ ብሳላ ወዲ 15 ዓመት ከሎ ዝመሃዞ ብልሓት እዩ። እዝስ ኣየገርምንዶ፧

## ፊሎ ፋርንስዎርዝ

ፊሎ ፋርንስዎርዝ፡ "ኣቦ ኤሌክትሮኒካዊ ቴሌቪዥን" ተባሂሉ ይፍለጥ።



ዝተወለደሉ ቦታ፡ ዩታ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እዩ።

ወዲ 14 ዓመት ኩስኳሲ (ሓረስታይ) ከሎ፡ ነቲ ብማሽን ዝሕረስ ዝነበረ መሬት እናተዓዘበ፡ ምስልታት እውን ብተመሳሳሊ መስመር ብመስመር ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ክመሓላለፉ ከም ዝኽእሉ ሓሰበ። ካብዚ ሓሳብ ተበጊሱ ከኣ ፈላማይ ዲዛይን ኤለክትሮኒካዊ ተለቪዥን ኣብ ወረቐት ሰኣለ።

ነቲ ዝሰኣሎ ንድፊ፡ ንመምህር ናይ ኬሚስትሪኡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣርኣዮ። እቲ መምህሩ ድማ ነቲ ሓሳብ ደገፎ።

ጽልዋ ምህዞኡ፡ እቲ ሎሚ ኩላትና ንጥቀመሉ ዘለና ናይ ተለቪዥን ቴክኖሎጂ መሰረቱ እቲ ፊሎ ወዲ 14 ዓመት ከሎ ዘጥረዮ ናይ ኣእምሮ ብልሒ እዩ።

## ኣን ማኮሲንስኪ

ኣን፡ ኣብዚ ግዜና ፍልጥቲ መንእሰይ መሃዚት እያ። ዝተወለደትሉ ቦታ፡ ቪክቶርያ፡ ካናዳ እዩ።



ኣብ 2013 ጓል 15 ዓመት ከላ፡ ጓንጓ መጥፍኢ ጸላም ዝበሃል መሳርሒ መሃዘት። እዚ መጥፍኢ ጸላም እዚ ባትሪ ኣየድልዮን እዩ፤ ብሙቐት ኢድ ጥራይ እዩ ዝሰርሕ።

ነዚ ዝመሃዘቶ ኣብቲ ዓመታዊ ዝካየድ "Google Science Fair" ኣቕሪባቶ። ካብ መላእ ዓለም ድማ ቀዳመይቲ ብምዃን ተዓዊታ።

ምኽንያት ምህዞኣ፡ ኣብ ፊሊፒንስ እትርከብ መሓዛኣ፡ ኤለክትሪክ ስለ ዘይነበራ ምሸት ከተጽንዕ ትሸገር ነበረት። ንኣኣ ንምሕጋዝ እያ ድማ ነዚ ባትሪ ዘየድልዮ መጥፍኢ ጸላም ዝሰርሓቶ። ኣን ብዝመሃዘቶ ምህዞ፡ ሸግር መሓዛኣ ክትፈትሕ ክኢላ እያ። እሾኽ ምስ ብልሓ ትፍጠር ክብሃል ከምዚ እዩ።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ገዘሚ

ሚርያም ዮሴፍ



መርዓ ኣብ ሂወት ደቂ ሰብ ካብ ዝፍጸሙ ኣገደስቲን ዘሐጉሱን ፍጻመታት ሓደ እዩ። ክልተ ልብታት ሓደ ዝኾኑሉ፡ ስድራቤታት ብመገዲ መውስቦ ዝተኣሳሰሩሉ ናይ ሓጎስ መድረኽ እዩ። መርዓ ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰባት ብመሰረት ባህልን ልምድን ናይቲ ሕብረተሰብ ዝካየድ ኮይኑ፡ ኣብ ግዜ መርዓ ሓደ ካብቲ ዝዘመናት ማሕበራዊ ኣርእስቲ ኮይኑ ዝጸንሐ ዓቢ ልምዲ ድማ ገዘሚ እዩ።

ገዘሚ፡ ካብቶም ጥንታውያንን ዝተሓላለኹን ማሕበራዊ ልምድታት ዓለምና ኮይኑ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ብዝተፈላለየ መልክዕ ይግለጽ። ኣብ ገለ ክፋል ዓለምና ከም እወታዊ ውርሻ፡ ኣብ ገለ ድማ ከም ዓብዩ ማሕበራዊ ጾር ዝርአ ባህሊ እዩ።

ገዘሚ፡ ብልምዲ መርዓት ካብ ስድራቤታ ሒዛቶ እትወጽእ ንብረት፡ ንወገን እንዳ ወዲ ዝወሃብ ገንዘብ፡ ጥሪት ወይ ጥረ ነገር ኮይኑ፡ እቲ ቀንዲን ጥንታውን ዕላማኡ ድማ ነታ ኣብ ምምስራት እትርከብ ሓዳስ ስድራቤት እግሪ ንምትካልን ንመኻብርኣ ዘድሊ ሓገዝ ንምብርካትን ዝዓለመ እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ብዙሕ ሕብረተሰባት፡ ደቂ ኣንስትዮ መሬት ኮነ ሃብቲ ካብ ስድራቤተን ናይ ምውራስ መሰል ስለ ዘይነበረን፡ ቁጠባዊ ዓቕመን ንምድልዳል፡ እጃም ውርሻአን ብመገዲ ገዘሚ ዝሁብ ዝነበረ ልምዲ እዩ።

እዚ፡ እቲ ብእወታ ዝርአ ታሪኻዊ ትርጉም ገዘሚ ክኸውን ከሎ፡ ምስ ግዜ ግን መልክዑ እናቐየረን ከቢድ ማሕበራዊ ጾር እናኾነን መጺኡ እዩ። ኑቲ ባህላዊ ትርጉሙ ብዘይምጥን መገዲ፡ ካብ ሰናይ ድልየት ስድራቤታት ሓሊፉ ናብ ግዴታዊ ጠለብ'ውን ተሰጋገረ። እዚ ድማ፡ ኑቲ እወታዊ ምድግጋፍ ኣህሲሉ ናይ ንግዲን ውድድርን መልክዕ ክትሕዞ ጀመረ።

ንኣብነት፡ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ መበል 18 ክፍለ ዘመን፡ ክቡር መጠን ገዘሚ ዘይሃበት ጓል ኣንስተይቲ፡ ካብ ደሓን ደረጃ ዘለዎም ስድራቤት ንዝመጽእ ወዲ ተባዕታይ ንኽትምርዖ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ዝኾነሉ ግዜ ነይሩ። እዚ ኣብ መንጎ እቲ ሕብረተሰብ ንዘሎ ማሕበራዊ ደረጃታት ንምዕቃብ፡ ከም ሓደ መሳርሒ ይጥቀሙሉ ነይሮም እዮም።

ኣብ ደቡብ ኤስያ'ውን ብተመሳሳሊ ገዘሚ ካብ ባህሊ ሓሊፉ ናብ ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውላው ተቐይሩ ዘሎ እዩ። ኣብ ዓለምና ብሰንኪ ገዘሚ ከቢድ ክሳራታት ዝረኣየላ ሃገር እንተ ሃልያ፡ ህንዲ እያ። ኣብዛ ሃገር ወለዲ መርዓት ንወለዲ መርዓዊ፡ ወርቂ፡ ኣዝዩ ብርኽቲ ዝበለ መጠን ገንዘብን ንብረትን ክህቡ ይግደዱ። እቲ ትጽቢት ዝግበረሉ መጠን ገዘሚ ምስ ዘይማላእ ድማ፡ እታ ጓል ኣንስተይቲ ከቢድ ስነ ኣእምራዊ ጸቕጥን ኣካላዊ ጉድኣን ይወርዳ። እቲ ዝኸፍአ ክፋል ናይዚ ባህሊ እዚ፡ እቲ ቁጠባዊ ረብሓታት ምስ ዘይማላእ እታ ጓል ኣንስተይቲ ብስቱር ከም እትቕተል ይግበር። ብመሰረት ወግዓዊ ጸብጻባት ሃገራዊ ትካል መዝገብ ገበናት ህንዲ፡ ኣብዛ ሃገር ብሰንኪ ገዘሚ ጥራይ፡ ዓመታዊ ኣሽሓት ደቂ ኣንስትዮ ህይወተን ይስእና።

ኣብ ሃገራት ፓኪስታንን ባንግላዲሽን'ውን ገዘሚ ምስ ክብረት ናይ ሓደ ስድራቤት ዝተኣሳሰር ዓቢ ትርጉም ዘለዎ እዩ። ሓንቲ ስድራቤት ቁጠባዊ ትሕዝቶኣ ብዘየገድስ፡ ንጓላ እኹል ገዘሚ ምስ ዘይትቕርብ ከም ዓቢ ውርደት ይሕሰብ እሞ፡ ንስድራቤት መርዓት ድማ ከቢድ ማሕበራዊ ተነጽሎ የጋጥሞም። ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ስድራቤተን ካብዚ ጸገም ንምንጋፍ ንነዊሕ እዋን ከይተመርዓዋ ይጸንሓ።

ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ እዚ ልምዲ እዚ ብኣንጻሩ እዩ ዝትግበር። መርዓዊ ንስድራቤት መርዓት ብዙሕ ገንዘብ ወይ ጥሪት ክሁብ ይግደድ። እዚ መጠን ገንዘብ ነታ ጓል ንምዕባይ ንዘወጽአ ወጻኢታት ንምኽሓስ ተባሂሉ ዝግበር ልምዲ እዩ። እንተኾነ፡ እዚ'ውን ናይ ገዛእ ርእሱ ጸገማት ኣለዎ። ቡቲ ሓደ ኑቲ ወዲ ተባዕታይ ገዚፍ ቁጠባዊ ተጽዕኖ ዘፈጥር ክኸውን ከሎ፡ እቲ ወዲ ንወለዲ ናይታ ጓል ከቢድ ዋጋ ምስ ከፈለ ግን፡ ነታ ሰበይቲ ከም ብገንዘቡ ዝዓደጋ ንብረት ገይሩ ክርእያ ይጅምር። ኣብቲ ድሒሩ ዝምስረት ሓዳር'ውን ዝኾነ በደል ምስ ዘጋጥማ ወይ ክትፋታሕ ምስ እትደሊ ብቐሊሉ መሰል ኣይህልዋን። ምኽንያቱ፡ ኣብ እዋን ፍትሕ እቲ ኣቐዲሙ ንወለዳ ዝተዋህበ ገንዘብ ብዓጸፋ ክምለስ ዘገድድ ባህሊ ስለ ዘሎ።

ኣብ ሃገርና ምስ እንመጽእ'ውን፡ ገዘሚ ኣብ ዝተፈላለየ ብሄራትና ብዝተፈላለየ መልክዑ ይግበር እዩ። ኣብ ገለ ከባቢታት ብልክዕ ገዘሚ ዝብል ስያመ ዘይወሃቦ ግን ኣብ እዋን መርዓ፡ ብወገን እንዳ ጓል፡ ኣብ ገሊኡ ድማ ብወገን እንዳ ወዲ ክማላእ ዘለዎ ጠለባት ኣሎ። እቲ ዝካየድ ወግዕታት ንጎድኒ ገዲፍና፡ ሕቶ ገዘሚ ኣብ ስድራቤታት ዘፈጥሮ ቁጠባዊ ጸቕጢ ግን ቀሊል ኣይኮነን።

ቀደም እዋን፡ ብልምዲ ኣብ ከበሳታት ኤርትራ፡ ገዘሚ ሓደ ዓቢ ማሕበራዊ ትርጉም ዘወሃቦ ባህሊ እዩ ነይሩ። ኣብ እዋን መርዓ፡ መርዓት ካብ ገዛአ ወጺኣ ኣብ በቐሊ ተሰቒላ ናብ እንዳ ሰብኣያ ኣብ እትኣትወሉ ግዜ፡ ብወገን እንዳ ወዲ ኮይነን ክጽብያ ዝጸንሓ ጎረባብቲ ዓዲ፡ ብደርፊ ኣምሲለን ዝሓታኦ ቀዳማይ ሕቶ፡ ጉዳይ ገዘሚ እዩ።

"ጓል ሸውዓተ ኀይታዋ፡ ኣግዚሞምኺዶ ማኢታዋ"፡ ብዝብል ዝተገዝሙቶ መጠን ይሓታ። ኣዕሩኽ መርዓዊ፡ ብዝተዋህቦም መጠን ገዘሚ ዕጉባት እንተ ዘይነይሮም ድማ ብደርፊ ኣቢሎም ይምልሱ።

"ኣሸንኳይዶ ሚእታ ሚእትዋ፡ ኣይጸገብናን እኳ ጣይታዋ"፡ ምስ በሉ፡ ኣዋልድ ዓዲ፡ መርዓት ገና ከይኣተወት ክሰሃልኣ ይጅምራ።

ኣደኺዶ ሓትነኺ ይሕሻ፡ ኩለን ሓደ እየን ይላሓሳ
ኣደኺዶ ሓትነኺ ኢለዮን፡ ኣብ ዕዳጋ ክሰርቃ ሪአየን

***

እገሊት እያ ሕምምቲ ኩርምቲ፡ ኣንቲ ሓማት ክንደይ ኢልኪ ክትግዕቲ

***

ናይ ሰተታ ብላይ ናይ ሰተታ፡
ኣደኺስያ ብድሕሬኺ ሞይታ
ዓይና ሓባል መዓኮራ ዘባል፡
ዝባን በቐሊ ኣብዩዋ ምቕባል

***

እዘን ገዝምኺ ሓሙሽተ እየን'ዶ
ሓሙሽተ እየን
ንሰን እኳ ንጋዳ እየን - ኣንቲ ጓል ቀዋዒትየ

***

እንታይ ተገዚማ ጓልዛ ሸሉ
ክልተ ጤል ሳልሰይተን ዒሉ

***

ኣቦይ ኣደይ ኢላ ትጓየትየ፡ እንታይ ተገዚማ ዘይዕየትየ።

እዘን ካልእን ጸርፍታት ብደርፊ ኣቢለን ኣዘንዩብ የብላላ። ኢቶም ትኣትዎም ዘላ ገዛ ርኹባት ምኻኖም ከፍልጥኣ ድማ፡

መን ኣምጺኡኪ ናብዞም ገዛ'ዞምየ
ይሽልሙኺ ወርቂ ሓበሻ ኣለዎምየ
ኣቲ ክንደይ ትብለጺ ክንደይ ትብለጺ፡ ናብዚ ገዛ ትመጺ
ኣደራሾም ማየ ድሕሪ ቤቶም ስርናየ
እንዳ መንከ ኣቲኺ እንዳ ላዕላይ ሰማየ
እዘን ሓማትኪስ ሓማተይ እንተዘኾና
ብጸባ ለዊሰን ብጠስሚ ዘቕጥና

ብዝብል እንዳ ሓሙኣ ዘይከም ስድራቤታ፡ ርኹባትን ክቡራትን ምኻኖም ይሕብራ። ብኣንጻሩ ዓርኪ ርእሱ፡ ብገዘሚን እንግዶትን እንዳ ጓል ከም ዝተሓጎሱ እንተ ፈሊጠን ድማ "ጸሓይ ገጻ ብሩር መወጻ፡ ይብላኺ ኣለዋ'የ..." እናበላ ንዓኣን ስድራቤታን ዘውድስ ደርፍታት ይደርፋ። እዚ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ ኣብቲ ሕብረተሰብ ንዘሎ ማሕበረ-ቁጠባዊ ፍልልያት ዘጉልሕ እምበር ዘጽብብ ኣይነበረን። ኣብዚ እዋን'ውን ብግሁድ ደኣ ኣይዝረበሉን ይኹን እምበር፡ እዚ ስምዒታት እዚ ገና ኣይበለየን ኣሎ። "ንሰልማት መርዓት፡ ክንደዚ ኣውጺና ክንድቲ ዘውጻናዮ ግን ኣይተመለሰልናን፡ ክንድቲ ዝኣዘዝናዮ ኣይተገበረን፡ መምለሲ እግሪ ውሒዱ" . . . ዝብል ኑቲ ንዋታዊ ምልውዋጥ ኣመልካቲ ብወገን ዘመድ ሽማግለ ኣብ እዋን መርዓ ዝስማዕ ምዕዘምዛማት ኣሎ።

ኣብ ከም ብሄረ ዓፋር ዝኣመሰሉ ብሄራትና'ውን ንደቂ ተባዕትዮ ኣብ ወጥሪ ዘእቱ ናይ ገዘሚ ሕቶ ኣሎ። ምሉእ ጠለባት መርዓ ክሳብ ዝማላእ እቲ ወዲ ክምርያ ዘይተባብዓሉ ኩነት ይፈጥር፣ እተን ደቂ ኣንስትዮ'ውን ኩሉ ጠለባት ዝማልኣለን ወዲ ክሳብ ዝረኽባ ነዊሕ እዋን ከይተመርዓዋ ይጸንሓ።


ብሓፈሻ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ መንጎ ሕግን ባህልን ዘሎ ፍልልይ'ውን ዝኢ ዘንጸባርቕ እዩ። ኑቲ ዝጸንሐ ባህሊ ሓደ መልክዕ ንምትሓዝ፡ ኣብ ድሕሪ ናጽነት ካብ ዝወጹ ሓደስቲ ኣዋጃት ሓደ፡ ኑቲ ንነዊሕ ዘመናት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ናይ ገዘሚ ልምዲ ክልኩል ዝገብር ኣዋጅ እዩ። ኣዋጅ 2/1991- ዓንቀጽ 49፡ ኣብ እዋን መርዓ፡ ንኽልተ መርዓውቲ ዝወሃብ ህያብ ገዲፍካ፡ ብወገን እንዳ ወዲ ኮነ እንዳ ጓል ወይ ኣዝማድ ዝወሃብ ገዘሚ ፍቑድ ከም ዘይኮነ ይሕብር። ዕላማ ናይዚ ድማ፡ ጾታዊ ማዕርነት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ልዕሊ ወለዲ ዝወርድ ቁጠባውን ማሕበራውን ጸቕጢ ንምንካይ፡ ከምኡ'ውን መርዓ ካብ ንዋታዊ ምልውዋጥ ንላዕሊ ብናጻ ድሌት ናይቶም መጻምድቲ ጥራይ ዝምስረት ምዃኑ ንምንጻር እዩ።

ኣብ ሃገርና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሙብዘሕትኦን ገዘሚ ዘውቱር ዝኾነለን ሃገራት፡ ገዘሚ ዝኽልክል ሕግታት ኣውጺኦን እየን። እንተኾነ፡ እቲ ባህሊ ብሕጊ ጥራይ ዝዕገት ኮይኑ ኣይተረኽበን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝጸንሐ ባህሊ'ውን ናይ ገዛእ ርእሱ ሓይሊ ስለ ዘለዎ፡ እቲ ንነዊሕ እዋን ኣብቲ ሕብረተሰብ ተሰሪቱ ዝጸንሐ ልምድታት ብቐሊሉ ምእላይ ኣጸጋሚ ይኸውን። ምኽንያቱ፡ ትርጉም ናይዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ወግዕታት ምስ ማሕበራዊ ተቐባልነትን ስድራቤታዊ ክብርን ተኣሳሲሩ ስለ ዝቖርብ እዩ። "ንሕናኸ ካብ መን ሓሚቕና"፡ "ጓልና ከይትዋረድ፡ ክትከብር" ዝብል ኣረኣእያታት ይዕብልል እሞ፡ ብስቱርን ብጋህድን ድማ እቲ ወግዒ ከም ዝቕጽል ይኸውን።

ብሓፈሻ ክርአ ከሎ፡ ገዘሚ ኣብ ስድራቤታት ዘፈጥሮ ጾር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓደ ማሕበራዊ ለውጢ ከም ዘድልዮ እዩ ዘጽር። ሕብረተሰብ ካብቲ "ሰብከ እንታይ ክብለና"፡ ዝብል ጸቕጢ ወጺኡ፡ ንናጽነትን ሓጎስን ናይቶም ክልተ መጻምድቲ፡ ብቐንዱ ድማ ንትርጉምን ቀጻልነትን ናይቲ ዝምስርትዎ ሓዳር ቀዳምነት ክሁብ ኣገዳሲ እዩ። ማሕበራዊ ንቕሓት ብምዕባይን ሕግታት ብምኽባርን ጥራይ እዩ ድማ ሕብረተሰብ ካብ ዝተፈላለየ ዓይነት ማሕበረ-ቁጠባዊ ጾር ክናገፍ ዝኽእል።

ደቂ ኣንስትዮ ተማሂረን፡ ሞያ ዓጢቐን፡ ይውሓድ ይብዛሕ ናይ ገዛእ ርእሰን ኣታዊ ክህልወን ከሎ፡ ኑቲ ንደቂ ኣንስትዮ ከም ጾር ናይ ምርኣይ ኣተሓሳስባ ይስዕሮ እዩ። ኣብ እዋን መርዓ'ውን፡ መርዓ ቅዱስ ምትእስሳር ናይ ክልተ ተጻመድቲ ደኣ እምበር፡ ንግዳዊ ውዕል ስድራቤታት ከም ዘይኮነ ዝምህር ሰፊሕ ጎስጓስ የድሊ። ኣብ ናይ ገዘሚ ጠለባት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ጽንብላት መርዓ'ውን ኑቲ ኣብ ስድራቤታት ዝፍጠር ፋይናንሳዊ ተጽዕኖ ንምንካይ ቅልል ዝበለ ስነ ስርዓት ምኽያድ ክልመድ ዘለዎ እዩ።

ሕጊ'ውን ብዘይ ንቕሓት ሕብረተሰብ ተተግበርቲ ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ዝድንገጉ ሕግታት ኣብ ባይታ ክዉን ዝኾነሉ፡ ሕብረተሰብ ባዕሉ፡ ብመረዳእታን ንናይ ገዛእ ርእሱ ጥቕሚ ሓሲቡን ክተግብሮም ከሎ እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋል ናይ ሕብረተሰብና ንዘሎ ተመሳሳሊ ልምድታት ንምፍዋስ፡ ኩሉ ዜጋ ክነቕሓሉ ዘለዎ ጉዳይ ኮይኑ ይስምዓኒ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሄኖክ፡ ቀጠልያ ማልያ መንጢሉዋ

ተቓዳዳማይ ክለብ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃኑ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝተኻየደት ሻውዓይቲ መድረኽ 'ዙር ማግሊፈሰንት ቺንግሃይ'፡ ንቀጠልያ ማልያ መንጢሉዋ።

እዛ 105.4 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ፡ ብሰንኪ ዝበረ ኩነታት ኣየር እያ ካብ ንግስቲ መድረኽ ናብ ናይ ጎልጎል ተቐይራ። ሄኖክ ከኣ ካብ ዕውት ግዜ ከይሰረ መበል 34 ኣትዩ።

ሄኖክ፡ ኣብ ኢንተርሚደይት ስፕሪንት ብድምር ሽዱሽተ ነጥቢ ብምኽሳቡ ድማ እዩ ነዛ ማልያ ብ46 ነጥቢ ካብ'ቲ ሓዚዋ ዝቖየ ጆናታን ካይሴዶ ዝተባህለ ኮሎምቢያዊ ተቐቢሉዋ ዘሎ።



እዚ ኤርትራዊ ኣብ ብጫ ማልያ ካብ መራሒ ዘሎ ካይሴዶ 20 ካልኢት ጥራይ ድሒሩ ኣሎ። ኣብ ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ከኣ 14 ነጥቢ ኣኪቡ ካብ'ቲ ሓዚዋ ዘሎ ተቓዳዳማይ ሰለስተ ነጥቢ ተፈንቲቱ ኣሎ።

ሄኖክ ናይ ዓሚ ዕወት ብጫን ቀጠልያን ማልያ ናይዚ ውድድር ምንካዑ ይዝከር። ክብሩ ንምዕቃብ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ ከኣ ደሮ ንቀጠልያ ማልያ ሓዚዋ ኣሎ፣ ኣብ ሻሙናይቲን መዛዘሚትን መድረኽ ከኣ ነዛ ማልያ ዓቂቡ ንብጫ ማልያ ክመልሳ ንትስፎ።

ሻውዓይቲ መድረኽ ብሰንኪ ዝበረ ሕማቕ ኩነታት ኣየር ዝቖረጸ እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ብ146 ኪሎሜተር ብእትሸፍን ሻሙናይቲ መድረኽ ክዛዘም እዩ።

---

## ክረምታዊ ውድድር ማውንቴን ባይክ ቀጺሉ

16 ንኡሳን ምምሕዳራት ዞባ ማእከል ዝሳተፍኦ ዘለዋ ክረምታዊ ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ፡ ሓሙስ 16 ሓምለ ኣብ ኤክስፖ ከቢቢ ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ ቀጺሉ።

ኣብ'ቲ ናይ ካልኣይ መድረኽ ውድድር፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘዩዳኦ ብሉጽ ጸወታ፡ ዲናር የናስ ካብ ጋላ ኑፍሒ ንኻልኣይ ተኸታታሊ መድረኽ ብምዕዋት ደሚቓ። ዳብራ ሰመረ - ጋላ ኑፍሒ፡ ፍርቱና ኣብርሃም - በሪኽ፡ ማርያም የማነ - ጎዳይፍ፡ ማርታ ተማስገን - ፓራዳዝ፡ ኤልዳና ዳኒኤል - ኣኽሪያ ድማ ካብ ካልኣይቲ ክሳብ ሻድሻይቲ ኣትየን።

ምድብ ሐ (C) ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዘዩዱዎ ውድድር፡ ሚልክያስ ዳዊት ካብ ጎዳይፍ ንመወዳድርቱ በሊጹ ቀዳማይ ኣትዩ። ናታን እስቲፋኖስ ገጀረት፡ ናኦድ ብርሃነ የኤል ሓየሎምን ካብ በሪኽ፡ ኢዝኤል ሰለሙን ካብ ማእከል ከተማ ከም ኡ'ውን ናኤል ብርሃ ገጀረት ክሳብ ሻድሻይ ደረጃ ሒዞም።



ኣብ ምድብ ለ (B)፡ እሰይ ዓንደማርያም ካብ ሰምበል ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ የኤል የሴፍ - ገጀረት፡ ኣቤል ወልደሩፋኤል - ቲራቮሎ፡ ስምኦን ገብረማርያም - ጋላ ኑፍሒ፡ ሰናይ ጳውሎስ - ማእከል ከተማ፡ ሳምሶም ኣሹበር - ኣኽሻውል፡ ተመራራሒም ክሳብ ሻዱሻይ ኣትዮም።

ተቐዳዳማይ ጎዳይፍ ሱራፌል ተኽለማርያም፡ ኣብ ምድብ ሀ (ለ) ውድድር ክዕወት እንከሎ፡ ደቂ ጋንታኡ ሰናይ የናስን ሄኖክ ሚካኤልን፡ ናህር ነጋሽ - ኣኽርያ፡ ኣቤል ኪዳ - ጎዳይፍ፡ ብሩኽ ጎይትኦም ኣኽርያ ድማ ክሳብ ሻዱሻይ ብምዕዋት ንምምሕዳሮም ነጥቢ ኣመዝጊቦም።

ሳልሳይን መዛዘምን መድረኽ ናይዚ ውድድር፡ ሰንበት 19 ሓምለ ኣብ ጸጸራት ከቢቢ መቓብር ሓርበኛታት ክካየድ ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

---

## "ድሕሪ ሻምፕዮን ዓለም ጥሮታ ክወጽእ እየ" ፖጋቻር

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም፡ ኣብ 2029 ኣብ ደኒማርክ ከተማ ኮፐንሃገን ምስ ተኻየደ፡ ካብ ኮርሻ ብሽክለታ ክወርድ ምዃኑ ሓቢሩ - ተቐዳዳማይ ሰልደ ትረክ ማደስ ፖጋቻር።

ናይ 2029 ሻምፕዮን ዓለም ኣብ ሃገሩ ክካየድ እንከሎ ወዲ 33 ዓመት ዝኸውን ፖጋቻር፡ ኣብ መሬት ሃገሩ ጥሮታ ክወጽእ እቲ ዝበለጸ ምዃኑ ገሊጹ።

ንሱ፡ "ናይ ጸወታ ግዜይ ክዛዘም ፍሉይ ቦታ እዩ። እቲ መደብ ናይ ቅድድም ብሽክለታ ጉዕዞይ ኣብ ከተማ ኮፐንሃገን ክዛዘም እዩ።" ኢሉ።

ክሳብ ኣብ ውድድር ዘሎ ንጋንታኡ ሰልደ ትረክ ጥራይ ክወክል ውዕል ዝኣተወ ፖጋቻር፡ ጥሮታ ክወጽእ ብናቱ ድሌት እምበር ብዘለዎ ውዕል ከምዘይውሰን ይፈልጥ።

ኣብ 2019 ሻምፕዮን ዓለም ዝኾነ እዚ ደኒማርካዊ፡ ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ክወዳደር እናኸለ እንከሎ ካብ ኮርሻ ክወጽእ እዩ ድሌቱ። "ካብ መራሒን ተዓዋቲን ናብ ንኻልኦት ተቐዳደምቲ ዝሕግዝ ክኸይድ ከቢድ እዩ።" ክብል ድማ ሰራሕተኛ (ዶመስቲክ) ናይ ካልኦት ተቐዳደምቲ ከኸውን ከምዘይቅበሎ ይዛረብ።

ዓበይቲ ዕላማታት ከምዘለዎ ዝዛረብ ፖጋቻር፡ ኣብቶም ዝዓበዩ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር (ሞኑመት) ክዕወት ክጽዕር ምዃኑ ገሊጹ።

ፖጋቻር ኣብዚ እዋን ንቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ ሓዚዋ ይርከብ።

---

## ስቦዝላይ፡ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ

ኣክፋሊ ሊቨርፑል - ዶሚኒክ ስቦዝላይ፡ ክሳብ ሰነ 2031 ዘጽንሖ ሓዲሽ ውዕል ፈሪሙ።

ኣብ ክረምቲ 2023 ካብ ኣርቢ ሌፕዚግ ናብ እንግሊዛዊት ክለብ ዝተሰጋገረ ስቦዝላይ፡ ክሳብ ሰነ 2028 ዘጽንሖ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ነይሩ።

ዛጊት 147 ግጥማት ዝወከለ እዚ ሃንጋሪያዊ፡ ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወቲ ሊቨርፑል ምዃኑ ይፍለጥ። ናብ ፕሪመር ሊግ ካብ ዝስጋገር ብዘርኣዮ ዘሎ መሳጢ ብቕዓት ከኣ ኣብ ራዳር ካልኦት ክለባት ክኣቱ ክኢሉ እዩ።

ንሱ ግና፡ ምስ ክለቡ ብምዝርራብ ንነዊሕ ግዜ ክወክል ተሰማሚዑ ኣሎ።

---

## ካቲም፡ ንዕውትቲ ዋንጫ ዓለም



ፊፋ፡ ሰንበት ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ደቂ ተባዕትዮ 2026 ንእትዕወት ሃገራዊት ጋንታ፡ ንተጻወትታ ካቲም ኣዳልዩሎም ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ነገራት ኣብ ኮዕሶ እግሪ ንምእትእትታው ዝጽዕር ዘሎ ፊፋ፡ እዚ ልምዲ ወይ ባህሊ ካብ ናይ ኣመሪካ ስፖርት (NFL super bowl) ዝወሰዶ እዩ።

በዚ ድማ፡ ን30 ተጻወትቲ ዕውትቲ ጋንታ፡ ካቲም (ቀለቤት) ኣዳልዩ ኣሎ። ኣብታ ካቲም ከኣ ጽዋእ ዓለም ሰፊራ ኣላ።

ብተወሳኺ፡ 1996 ሓብ ንደገፍቲ ዝሽኮጥ ኣብ ዕዳጋ ቀሪቡ ምህላዉ፡ መርበብ ሓበሬታ በቢሲ ኣብ ዓምዳ ኣስፊራ።

ዋንጫ ዓለም፡ ሰንበት ሰዓት 10:00 ድ.ቀ ስጳኛን ኣርጀንቲናን ብዘካይድኦ ጸወታ ክዛዘም እዩ።

---

## ሽሚድ፡ ዕዉት መበል 13 መድረኽ ዙር ፈረንሳ ኮይኑ

ዙር ፈረንሳ፡ ትማሊ ዓርቢ መበል 13 መድረኽ ኣብ ዘሰላሰለ፡ ብዓወት ተቐዳዳማይ ጀይኮ ኣልዑላ - ማውሮ ሽሚድ ተዛዚሙ።



ብእትሸፍኖ 205.8 ኪሎሜተር ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ዙር ፈረንሳ ዝወሓደት ዝኾነት እዛ መድረኽ፡ ምስተን ናይ ኩርባታት እያ ትሕሰብ። ዝበዝሐ ክፋል'ታ ናይ መንካ ጸወታ ቅጽበታዊ ውድድር ኢንተርሚደይት ተሰሪዓትሉ ዝበረት 130 ኪሎሜተር ግና፡ ቅርጺ መሬታ ጎልጎል እያ።

ካብ ፈለማ ብዙሕ መጥቃዕትታት ዝተራእያላ እዛ መድረኽ፡ ተቐዳዳማይ ኣልፐሲን - ያስፐር ፍሊፕሰን ዝርከቦም 37 ተቐዳደምቲ ቀዳመይቲ ጉጅለ መስሪቶም። ቢንያም ግርማይን ማድስ ፖጋቻርን ዝበዱዋ ጉጅለ ከኣ ክሳብ 50 ካልኢት ድሒራ ትስዕብ። ኣስታት 25 ኪሎሜተር ናብታ ናይ ኢንተርሚደይት ቦታ ቅድሚ ምብጽሐን ግና፡ ካልኣይቲ ጉጅለ ኣርኪባ ተጸምቢራታ።

ብሓባር ቅጽበታዊ ውድድር ኣብ ዘዩዱሉ ከኣ ፍሊፕሰን ንፖጋቻርን ቢንያምን ሰዒሩ፡ 25 ነጥቢ ኣኪቡ። 20ን 16ን ወሲዶም እዮም ብሓንዚ ፎቶፊኒሽ ዝተፈላለዩ ፖጋቻርን ቢንያምን።

ድሕሪዛ ናይ መንካ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ኣብ ዝተረፈ ቅርጺ መሬታ ሓንቲ ናይ ሰለስተ ሓንቲ ናይ ሓደ ካታጎሪ ዓቐበታት ነይረን። ብፍላይ ውድድር ክዛዘም ኣስታት 30 ኪሎሜተር ምስ ተረፈ ዝበረት ናይ ሓደ ካታጎሪ ዓቐብ፡ 9.1 ኪሎሜተር ኣብ 6.9 ሚእታዊት ማእከላይ መጠን ምንቅዕራር ስለዝበረ፡ ዝዓም ናይ ቅጽበታዊ ውድድር ተቐዳደምቲ በዓቢ ነይሩ። ኣብ'ዛ ቦታ ድማ፡ ካብ መራሒት ጉጅለ ተረፊም።

እዚ ዓቐብ ድሕሪ ምውድኡ፡ ተቐዳደምቲ፡ ኣብ ዝበረ ቁልቁልትን ጎልጎልን ንኣድሕዶም ድሕሪ ምፍትታኑ ማውሮ ሽሚድ ካብ ጀይኮ ኣልዑላ ከም ኡ'ውን ተቐዳዳማይ ኣስታና ሃሮልድ ተያዳ ዕወት መጥቃዕቲ ፈጺሞም። ዘርክቦም ኣይነበረን ብሓባር ኣብ ዝገበርዎ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ማውሮ - ንሃሮልድ በሊጹ ብ4 ሰዓት፡ 6 ደቒቕን 58 ካልኢትን ተዓዊቱ። ነዛ መድረኽ ክዕወትላ ዝተገመተ ቶም ፒድኮክ፡ ክልተ ካልኢት ድሒሩ ንዝመጸት ጉጅለ ስዒሩ ሳልሳይ ኣትዩ።

ማውሮ፡ ቀዳመይቲ ናይ ዙር ፈረንሳ ናይ መድረኽ ዓወቱ እዩ ኣመዝጊቡ፣ ጋንታኡ ኣልዑላ ከኣ ናይ 2026 ቀዳመይቲ ናይ መድረኽ ዓወት ሰሪዓ።

ቢንያም፡ ምስታ 17 ደቒቕን 14 ካልኢትን ዝደሓረት ጉጅለ መበል 81 ኣትዩ።

በዚ ወጽኢት፡ ኣብ ብጫ ማልያ ዝመጸ ለውጢ የለን። ታደይ ፖጋቻ ይመርሕ ኣሎ፣ ዮናስ ቪንገጋርድ 3 ደቒቕን 36 ካልኢትን ድሒሩ ይስዕብ። ንማልያ ኣንበሳ ዓቐብ እውን ፖጋቻ ብ42 ነጥቢ ሒዙዋ ኣሎ፣ ቪንገጋርድ ብ27 ነጥቢ ይኽተሎ።

ኣብ ቀጠልያ ማልያ፡ ፖጋቻር ብ377 ነጥቢ ይመርሕ ኣሎ፣ ፍሊፕሰን ንቢንያም ገልቢጡ ብ336 ነጥቢ ካልኣይ ደይቡ፣ ቢንያም ብ333 ነጥቢ ሳልሳይ ደርኪቡ። ንማልያ መንእሰያት ከኣ ኣየሱ ለቢሱዋ ኣሎ። ፖል ሲክሰስ 13 ካልኢት ተፈንቲቱ ካልኣይ ደርኪቡ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ 155.3 ኪሎሜተር ኣብ እትሸፍን መበል 14 መድረኽ ክስላሰል እዩ። እዛ ንናይ ግዜ ተቐዳደምቲ ዝተሰርዐት ተረርቲ ዓቐበታት ዘለዋ መድረኽ፡ ኣብ ማልያታት ለውጢ ዘሎ ፍልልይ ከተገፍሕ ወይ ከተጽብብ ትጸበ ኣላ። ኣብ መበል 12 ኪሎሜተር ከኣ ናይ መንካ ጸወታ ቅጽበታዊ ውድድር ስለዘ ብምህላዉ፡ ናይ ቀጠልያ ማልያ ተቐዳደምቲ ክሸሰቡላ ሓያል ሹኳ ክከይዱ ይግመት።

> **መደብ ጸወታ**
> **ሰንበት**
> **ናይ ደረጃ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026**
> ፈረንሳ - እንግሊዝ 12:00 ቀ.ቀ (ፍርቂ ለይቲ)
> ናይ ፍጻመ
> ስጳኛ - ኣርጀንቲና 10:00 ድ.ቀ

---

## ቪንቺች፡ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ክመርሕ እዩ

ስሎቬንያዊ ዳኛ - ስላቭኮ ቪንቺች፡ ሰንበት ንእትካየድ ናይ መዛዘሚ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ክመርሓ እዩ።

ፊፋ፡ ትማሊ ዓርቢ ወማዊ ኣብ ዝበበሮ ሕርያ ደያኑ እዩ ንቪንቺች መሪጽዎ። ከም ዝተመርጸ ምስ ተነገረ ከም መርኣያ ሓጎሱ ክቡዕ ዝተራእየ ቪንቺች፡ ብደቂ ሃገሩ ቶማስ ክላንቻኪክን ኣንድሬዝ ኮባቹቻን ናይ መስመር ደያኑ፣ ራብዓይ ዳኛ ከኣ ጆርዳናዊ ኣደሃም ማክሃድመህ ክኸውን እዩ።

ከምቲ ናይ ኣፍሲ ወከፍ ተጻዋታይ ሕልሚ ዋንጫ ዓለም ምልዓል ዝኾነ ናይ ደያኑ ዓቢ ስጉምቲ ከኣ ንናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም ምድናይ እዩ።

ዋንጫ ዓለም 2026፡ ሰንበት 19 ሓምለ ብናይ ፍጻመ ጸወታ እስጳኛን ኣርጀንቲናን እዩ ክዛዘም።





# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ኣመሪካ ንሲቪላዊ ትሕተ ቅርጺ ከም ዝሃረመት ከሰሳ

ኩናት ኣራን ዳግማይ ካብ ዝጀምር ሻብዓይ መዓልቱ ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣመሪካ ኣብ ድልድላት፡ መንገዲ ባቡርን ማዕርፎ ነፈርትን መጥቃዕቲታት ከም ዘካየደት ኢራን ከሲሳ።

ማእከላይ እዚ ኣመሪካ፡ ንዝርዝር ናይቶም ዒላማ ዝገበርም ቦታታት ኣመልኪቱ እኳ ሓቢሬታ እንተ ዘይሃበ፡ እቲ ዝተኻየደ መጥቃዕቲታት ግን ንወተሃደራዊ ዓቕሚ ኢራን ንምድኻም ዝዓለመ ምዃኑ ኣረጋጊጹ ኣሎ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትረምፕ፡ ኢራን ናብ መኣዲ ዘተ እንተ ዘይተመለሰት፡ ኣብ ልዕሊ ድልድላትን ናይ ጸዓት መደበራትን መጥቃዕቲታት ከም ዝካየድ ምጥንቃቑ ዝዝከር እዩ።

ብመሰረት መንግስታዊት ማዕከን ዜና ኢራን፡ ኣመሪካ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ናይታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ማዕርፎ ነፈርቲ 'ኢራንሻሃር'፡ ከምኡ'ውን ኣብ ክፍለ ሃገር ሆርሞዝጋን ኣብ ዝርከብ መደበር መንገዲ ባቡርን ሽዱሽተ ድልድላትን ደብዳብ ኣካይዳ ኣላ።

ብተወሳኺ፡ በቲ ደብዳባት ኣብ ክፍለ ሃገር ሆርሞዝጋን ሸውዓተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሰበ ስልጣን ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኢራን ከም መልሲ ግብሪ ናይቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊኣ እተካይዶ ዘላ ሓዳሽ መጥቃዕቲታት፡ ኣብ ልዕሊ ኣብ የማን ዝርከቡ ዋንኣት ኣመሪካ ዝኾኑ ራዳራት ስለያ ባሕሪ ከምኡ እውን ኣብ ኩዌትን ባሕሬንን ዝርከቡ ዒላማታት መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ኣፍሊጣ'ላ።



## ኮንጎ - ቁጽሪ ብኢቦላ ናይ ዝተለኽፉ ሰባት 2 ሽሕ በጺሑ



ቁጽሪ ናይ'ቶም ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ብለበዳ ኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት ልዕሊ 2,100 ክበጽሕ እንከሎ፡ ብዝሒ ምውታት ከኣ ናብ 828 ክብ ከም ዝበለ ተሓቢሩ።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ እዚ ሕጂ ኣብታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ መልከፍቲ ኢቦላ፡ ካብ'ቶም ቅድሚ ሕጂ ዘጋጠሙ ብርክት ዝበሉ ተመሳሳሊ ለበዳታት ብዝለዓለ ፍጥነት ይላባዕ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

እቲ ውድብ ወሲኹ፡ ኣብ ምክትታል፡ ፍወሳን መርመራታትን እቲ ሕማም ዓወታት እኳ እንተ ተመዝገበ፡ ግጭት፡ ጸጥታዊ ጸገማትን ሕጽረት ኣፍልጦ ብዛዕባቲ ሕማምን ግና ነቲ ለበዳ ንምግታእ ዝካየድ ጻዕርታት ንድሕሪት ይመልስዎ ምህላዎም ኣጺሩ።

እቲ 'ቡንዲቡጆ' ብዝተባህለ ቫይረስ ዝስዓብ ለበዳ ኢቦላ ናብ ሓሙሽተ ክፍለ ሃገራት ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ተላቢዑ ከም ዘሎ እዩ ዝሕበር።

## ቬንዝዌላ - ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝሞቱ ሰባት 5 ሽሕ በጺሖም

ዝሓለፈ ሰኑ ኣብ ቬንዝዌላ ብዘጋጠመ ክልተ ተኸታታሊ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝሞቱ ሰባት፡ ቁጽሮም ናብ 4,930 ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

ሕቡራት ሃገራት ብወገኑ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ መብዛሕትኦም በቲ ፍርስራሳት ተደብዮም ክኾኑ ዝኽእሉ ከባቢ 50 ሽሕ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ክህሉ ከም ዝኽእል ኣሚቱ።

በቲ ኣብ ታሪኽ ቬንዝዌላ ዝሓየለ ምዃኑ ዝተጠቕሰ ምንቅጥቃጣት፡ ኣስታት ክልተ ሚልዮን ትኻላትን መንበሪ ኣባይትን ክፀኑ ከሎ፡ ከባቢ 8 ሚልዮን ነበርቲ ከኣ ብኣሉታ ተጸልዮም ከም ዘለዉ ተገሊጹ።




ብተወሳኺ፡ ብሰንኪ እቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ቬንዝዌላ 6 ሚእታዊት ካብ ጃምላ ሃገራዊ እቶታ፡ ማለት ናይ ኣስታት 7 ቢልዮን ዶላር ቀጥታዊ ክሳራ ከም ዝወረዳ ክኢላታት ኣመልኪቶም።

ካብ 2015 ንደሓር፡ ብሰንኪ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ቬንዝዌላ ብርክት ዝበሉ ማዕቀባት ምውሳና፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን መንግስቲ ናይታ ሃገር ንግዳያት ህጹጽ ረዲኤት ኣብ ምቕራብ ተጸጊሙ ምህላዉ፡ እዮም ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ።

## ቻይናን ካዛኺስታንን፡ ብርክት ዝበሉ ስምምዓት ከቲመን

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ካዛኺስታንን ልዕሊ 70 ቁጠባውን ንግዳውን ስምምዓት ከም ዝኸተማ ሓቢረን።

እቲ ስምምዓት፡ መራሕቲ ክልተአን ሃገራት ኣብ ከተማ ሻንጋይ - ቻይና ኣብ ዘካየድዎ ዝርርብ ከም እተኸተመ ተገሊጹ።



እቲ ናይ ልዕሊ 15 ቢልዮን ዶላር ውዕላት፡ ምምዕባል ቴክኖሎጂ ብሓፈሻ፡ ስብ-ሰርሓ ብልሒ ድማ ብፍላይ፡ ከምኡ'ውን ሕርሻ፡ ትምህርትን ትሕተ-ቅርጺን ከም ዝጠቓልል ተፈሊጡ ኣሎ።

ብዘይካ እዚ፡ ክልተአን ሃገራት፡ ወፍሪ ብዓይነትን መጠንን ንምስፋሕን ዞባዊ ጸጥታ ንምውሓስን ከም ዝሰርሓ ኣፍሊጠን ኣለዋ።

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ካዛኺስታንን ኣብ 2025 ናይ ኣስታት 50 ቢልዮን ዶላር፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ናይ 2026 ድማ ናይ ልዕሊ 13 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ ምኽያደን ጸብጻባት የመልክቱ።

## ዩጋንዳ - ብሓደጋ ኣውቶቡስ 20 ተማሃሮ ሞይቶም




ኣብ ዩጋንዳ ተማሃሮ ጸዒና ትጓዓዝ ዝነበረት ኣውቶብስ ብምግምጣላ፡ ኣብኣ ተሳፊሮም ካብ ዝነበሩ ብርክት ዝበሉ ተማሃሮ ማእከላይ ደረጃ፡ 20 ከም ዝሞቱ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እታ ኣውቶብስ ነቶም ተማሃሮ ካብ ዝወዓልዎ ትምህርታዊ ዑደት ሒዛቶም እናተመልሰት እንከላ ብምግምጣላ፡ መንግስቲ ናይታ ሃገር፡ ዝኾነ ብደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ዝካየድ ዑደት ንግዚኡ ከውንዘፍ ትማሊ ዓርቢ መምርሒ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ፖሊስ ዘካየዶ መባእታዊ መርመራ ከም ዘመልክቶ፡ እቲ ሓደጋ፡ መራሒ መኪና ነታ ኣውቶብስ ብዋዕላ ከቆጻጽራ ብዘይምኽኣሉ'ዩ ዝዓበ።

በቲ ሓደጋ ብርክት ዝበሉ ካልኦት ተማሃሮን ኣለይቲ ተማሃሮን እውን መጉዳእቲ ከም ዝወረዶም ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ ዩጋንዳ ሓደጋ ተሽከርከርቲ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ፡ መብዛሕትኡ ካብቲ ሓደጋታት፡ ግቡእ ጽገና ብዘይተገብረለን ተሽከርከርትን ሕጽረት ናይ ጽርግያ መብራህትን ከም ዝስዕብ ጸብጻባት የመልክቱ።

ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ሂወት | 18/7/26 | ጎደና ብድሆ ቱባቢ ሽዱ(ጥቓ ኢንሹራንስ ነበር) | 123355
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565